# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.305 | ቀዳም 22 ነሓሰ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 3
መሃዝትን ስነ ፍልጠተኛታትን

ገጽ 4
ዲጋ ዓዲ ሃንስ - ልቢ ዓዲ ተረሰርስ


ገጽ 5
ንሓዋሩ ሌላ


ገጽ 10
ማዕረ ክፍሊት፡ ንማዕረ ስራሕ


ገጽ 11
ሄኖክ፡ እቲ እንኮ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ኣብ ዙር ስጳኛ



## ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታት ኤርትራ 2026፡ ተዛዚሙ





ስእሊ - ሳልሕ ዓብደልቓድር

"ምስጓም ቀጻልነት ዘለዎም ስርዓታት ሕርሻን መግብን ንሃገራዊ ቁጠባዊ ዕብየት" ብዝብል ቴማ ንክልተ መዓልታት ኣብ ኣስመራ ዝተቓነየ ሃገራዊ ዋዕላ ሕርሻዊ መጽናዕትታት ኤርትራ 2026፡ ትማሊ 21 ነሓሰ ተዛዚሙ።

ኣብ'ዚ ዋዕላ፡ ሕርሻዊ ኤክስተንሽንን ትግባረን ተቐባልነትን ብሓረስቶት፣ ሕርሻዊ ምድጃታል፣ ወሰኽ ክብርን ሕርሻዊ ዋጋን፣ ድሕነት፡ ውሕስነትን መኣዛን መግቢ፣ ሕርሻዊ ባዮቴክኖሎጂን ኣገልግሎት ላቦራቶሪን፣ ክሊማዊ ለውጢ፡ ምብዳህን ምምላእን፣ ተወርሶኣዊ ጸጋታትን ዕቃብ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነትን፣ ከምኡ'ውን ሕርሻዊ ፖሊሲ፡ ቁጽጽርን ምሕደራን ኣብ ዝብሉ ሸሞንተ ቴማዊ ዛዕባታት ዘተኮረ 76 መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ቀሪቡ።

እቲ ብክኢላታት ዝቐረበ ዓሚቝን ኣጉዳስን ትሕዝቶ ዘለዎ ወረቓቕቲ፡ ፈተነ ዓሌታት ዘርኢ ስምሲም ንምስሳን ምህርትን ናይ ልምዓት ዕድላትን፣ ገምጋም ዝተፈላለዩ ዓቐናት ባህርያዊ ፈሳሲ ድኹዒ ኣብ ዕብየትን ምህርትን ምሩጽ ዘርኢ ስገም፣ ደረጃታት ድሕረ ምእካብ ምህርትን ኣገባብ ሙብሳልን ባናና፣ ስርዓተ ትሕዝኦ መሬትን ተራኡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓትን፣ ምኽንያት ድያስፖራ ኣብ ኣግሮ-ኢንዱስትሪያዊ ምስግጋር፣ ወህደት ፍርያት ዘላቒ ጸዓትን ክሊማ ቀደው ሕርሻን፣ ስሩዳን ምዝዛብን ብቑሊ ኣብ ኤርትራ፣ ጽልዋ ባህርያዊ ድኹዒ ኮምፖስት ኣብ ደጋዊ ቀመማዊ ባህሪ ሓመድን ገምጋም ባህርያት ምህርትን ዓሌታት ስርናይ፣ እዋናዊ ገምጋም ህሉው ብቕዓት ናይ ጸባ ከብቲ፣ ገምጋም ጀነቲካዊ ብዙሕነትን ቅርጻን መበቈላውያን ደርሁ ኤርትራ፣ ሳትላይት መሰረት ዝገበረ ትንታነ ምልውዋጥ ክሊማ፣ ከምኡ'ውን ዳህሳስ ደጋዊ ጽግዕተኛ ገረብ ኣንበጣን ጎደብ ኣንበጣን ዝብሉን ካልእን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣቦ-መንበር ኣሰናዳኢት ኮሚተ ዶ/ር ኤፍሬም ጉብረማስቀል ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቃል፡ ካብ'ዚ ዋዕላ ዝምንጨዉ ቀንዲ መልእኽቲ፡ ንኣጉዳስነት ምሒያል ምትእስሳር ምርምር፡ ፖሊሲን ትግባረን ዘጉልሕ፣ ከምኡ'ውን ካብ ምርምር ዝቕሰም ፍልጠት ናብ ግብራዊ ፍታሓትን ውጽኢታዊ መደባትን ክትርጎም ከምዘለዎ ዘጸር ምዃኑ ኣብሪሁ።

ዶ/ር ኤፍሬም ኣስዒቡ፡ ኣብ'ቲ ዝተገብረ ዘተን ክትዕን ኣብ መንነ ትካላት መንግስቲ፡ ማእከላት ምርምር፡ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ፡ ሓረስቶት፡ ብሕታዊ ጸላትን ናይ ልምዓት መሻርኽትን ድልዱል ምትሕብባር ክህሉ ኣድላዪ ምዃኑ ከምእተገልጸ ገሊጹ።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርህ ብወገኑ፡ እዚ ዋዕላ ንምኽያድ ዝመጸ ሓሳብ፡ መንቀሊኡ እቲ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2025 ዝተቓነየ ኣህጉራዊ ዋዕላ መጽናዕትታት ኤርትራ ከምዝኾነ፣ ሓደ ካብ ቀንዲ ረቛሒታት ዓወት ናይ'ዚ ዋዕላ ድማ፡ ኣሰናዳኢት ኮሚተ ንልዕሊ ዓመትን ፈረቓን ዘተኣደደቶ ዘይሕለል ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንኣሰናዳእቲ፡ ኣቕረብቲ ብቐንዱ መንእሰያት፡ ከምኡ'ውን ኣወሃሃድትን ተሳተፍትን ስለ'ቲ ዝገበርዎ ዕዙዝ ኣበርክቶ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብ'ዚ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተወደበን ዑደት ናብ መርኣያ ቦታታት ዘጠቓለለን ሃገራዊ ዋዕላ፡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ክኢላታትን ሞያውያንን፡ ወከልቲ ሓረስቶት፡ ኣመሰራሕቲ መግቢ ትካላት፡ ናይ ስራሕ መሻርኽትን ዕድመ ዝተገበረሎምን ብድምር ልዕሊ 300 ተሳተፍቲ ነይሮም።

## ኣምባሳደር በየነ ርእሶም፡ ኣብ ዋዕላ ሚኒስተራት ጥዕና ምብራቕ ኣፍሪቃ ተሳቲፉ

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያን ታንዛንያን ኣቶ በየነ ርእሶም፡ "ምስጓም ድሕነትን ልኡላውነትን ጸዓት ጥዕና ኣፍሪቃ" ብዝብል ቴማ፡ ኣብ ጥዕና ህጻናትን መሰረታዊ ጥዕናዊ ናብዮትን ኣተኲሩ ብ18 ነሓሰ ኣብ ዳርኤሳላም - ታንዛንያ ኣብ ዝተቓነየ ራብዓይ ዞባዊ ዋዕላ ሚኒስተራት ጥዕና ምብራቕ ኣፍሪቃ ተሳቲፉ።

ኣብ'ቲ ንሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑርሑሴን ብምውካል ዝተሳተፎ ዋዕላ፡ ኣምባሳደር በየነ፡ ኤርትራ ንዜጋታታ መሰረታዊ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ንምውሓስ፣ ጥዕና ኣደን ህጻንን ንምርግጋጽ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ መዳያት ጥዕና ንእትኽተሎ ኣገባባትን ዘመዝገበቶ ኸስጋትን ብዝርዝር ኣብሪሁ።

ኣብ ኤርትራ፡ ፖሊሲ ጥዕና ንበይኑ ዝተነጸለ ከምዘይኮነ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር በየነ፡ መንግስቲ ክሳብ'ቲ ርሑቕ ከባቢታት መሰረታዊ ኣገልግሎታት ትምህርቲ፡ ማይ፡ ሕርሻን ካልእን ንምርግጋጽን ንምስፋሕን ኣብ ቀጻሊ ጻዕሪ ከምዘርከበ፡ ጥዕና ድማ ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ዛጊት ተተግቢሩ ዘሎ ዘተባብዕ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኤርትራ ተመኩሮኣን ክተካፍልን ካብ ተመኩሮ መሓዙት ሃገራት ክትመሃርን፣ ከምኡ'ውን ዞባዊ ቀዳምነታት ጥዕና ንምስጓር ምቕሉል ዓቕሚ ክተበርክት ቅርብቲ ምዃና ኣረጋጊጹ።



ዜና

# ደቡብ - ኣብ ዕቃበ ባህላዊ ውርሻታት ብዕቱብ ክስራሕ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ባህላውን ታሪኻውን ውርሻታት ሕብረተ-ሰብና ንምዕቃብን ንምስናድን ዝውሰድ ተበግሶታት ንምስፋሕን ብስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲ ንምግባሩን ክስራሕ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ኣዘኻኺሩ።

ብ17 ነሓሰ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ፡ ኣቶ ኣብርሃም፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንማሕበራዊ መነባብሮኡን መኸተኡን ዘንጸባርቕ ሃብታም ባህልን ክብርታትን ከምዘውንን ብምግላጽ፡ ነዚ ዘሐብን ውርሻታት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንምስግጋር ዝካየድ ጻዕሪ ብዝተወደበ ክኸውን ኣተሓሳሰቡ።

ኣብ ዝተፈላለያ ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ መጽናዕትታት ውጽኢታዊ ምንባሩ ብምሕባር፡ ያታዊ ትልሂታትን መዚቃን መበቈላውነቱ ዓቂቡ ከምዝምዕበልን ከምዝመሓየሽን ንምግባሩ ንዝተወሰደ ተበግሶ መጉሱ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ዞባ ደቡብ ምስ ዘለዎ ዕቑር ጸጋታት ባህሊን ቅርስታትን፡ ምንጪ ቱሪዝማዊ ስሕበትን ጥበባዊ ስርሓትን ኮይኑ ንኸገልግል ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ሸቶኡ ንኽወቅዕ፡ ብውህደት ክስራሕ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዘይተመዝመዘ ወግዕታትን ኣፋዊ ያታታትን ዳህሳስ ክግበረሉ፣ ተኻእቲ ስነ-ጥበባውያን ንምፍራይ ዝተወደበ ስልጠናታት ጽቡቕ ውጽኢት ስለዝተረኽቦ ብዘለዓለ ክድፋኣሉ፣ ከምኡ'ውን ባህላዊ ፈስቲቫላት ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ክውደብ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።




# ኣብ ጢያን ዕዲን፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ንምብራኽ ጕስጓስ ተኻየዱ

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ - ሓውሲ ከተማታት ጢያ ዕዲን፡ ንቕሓት ሕብረተሰብ ኣብ ጥዕናዊ መዳይ ብሓፈሻ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ድማ ብፍላይ ንምብራኽ ዝዓለመ ጐስጓስ፡ ብ16ን 17ን ነሓሰ ተኻየዱ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዶ/ር ዓሊ ሓሎ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ መሰርሕ ምክልኻል ሕማማት ኣብ ኣፍልጦን ንቕሓትን ከምዝምርኮስ ብምጥቃስ፡ ብጉድለት ጽሬት ዝስዕቡ ሕማማት ንምክልኻል፡ ተጠቀምቲ ዓይኒ-ምድሪ ክስፍሕን ጽሬት ኣከባቢ ክረጋገጽን ተላብዩ።

ኣብ ዞባታት ሰሜናዊን ደቡባዊን ቀይሕ ባሕሪ ብብዝሒ ዝርአ ዘሎ ሕማም ወይቦ ንምቁጽጻር ቀጻሊ ጻዕሪታት ይካየድ ከምዘሎ ብምሕባር ድማ፡ ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኡ ንዝተዋደደ ኣገልግሎታት ጥዕና



ብግቡእ ክጥቀመሉ ጸዊዑ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ኣሃዱ ሓብሬታን ጎስጓስን ኣቶ ኣሕመድ ዓሊ ብግደኡ፡ ቍጽሪ ሕሙማት ወይቦ እናወሰኸ ይመጽእ ብምህላዉ፡ ኩሉ ዜጋ ተመርሚሩ ኩነታት ጥዕንኡ ክፈልጥ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ



ዞባ ኣራዕታ ኣቶ ብርሃነ መዝገበን ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት ን/ዞባ ማእከል ደንካልያ ኣቶ ኣሕመድ ኣደምን፡ ምውሓስ ጥዕና ደጽናሓላይ ዝበሃል ዕማም ስለዝኾነ፡ ጽሬት ከባቢ ንምሕላውን ተጠቀምቲ ዓይኒ ምድሪ ንምዕባይን ብደረጃ ዓድታትን ምምሕዳራት ከባቢን ዝውሰድ ተበግሶታት ክሕይል ተማሕጺኖም።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣደም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጳ 1284

# ደቀምሓረ - ንሓለፍቲ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርትን ሆስቴላትን ስልጠና ተዋሂቡ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ካብ መላእ ሃገር ንዝመጽኡ ሓለፍቲ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርትን ሆስቴላትን፡ ካብ 10 ክሳብ 19 ነሓሰ ኣብ ደቀምሓረ ስልጠና ኣካዪዱ።

እቲ ብጨንፈር ምክትታል ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርትን ሆስቴላትን ዝተወደበ ስልጠና፡ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርትን ሆስቴላትን ብቑዕን ብሉጽን ዜጋ ንምፍራይ ንዘዀብርኦ ዘለዋ ጻዕሪ ዝድግፍ'ዩ።

ኣብ'ዚ ንዓሰርተ መዓልታት ዝቐጸለ ስልጠና፡ ሸሞንተ መጽናዕታዊ ወረቓቕቲ ከምዝቐረበ፡ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ መምህር ተኽሉብርሃን ገብረስላሴ ሓቢሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ገብረሃንስ ሓጎስ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና ኣብ ኩነታት ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርትን ሆስቴላትን ዓቢ ነጥቢ መቐይሮ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዩ።

ወኪል ሰልጠንቲ ብወገኑ፡ ኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ዕዙዝ ስለዝኾነ፡ ብበደረጅኡ ክድፋኣሉ ተላብዩ።




# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## መሃዝትን ስነ ፍልጠተኛታትን

### ጆቫኒ ኣልዲኒ



ጆቫኒ ኣልዲኒ፡ እብ ሚያዝያ 1762 ኣብ ቦሎኛ ኢጣልያ ተወልደ። ኣብ 36 ዓመቱ ናይ ፕሮፌሰር ማዕርግ ረኺቡ። እዚ ከኣ ነቲ ዝኹስኩሶ መምህሩ ሰባስቲያኖ ካንተራዛኒ ክብሪ ነበረ። ሳይንሳዊ ስርሑ ብኣኮኡ ሉዪጂ ጋልቫኒ ዝተበኩረ ‘ጋልቫኒዝም’ ዘድሃበን ንእኡ ዘራጉድን እዩ። ኣብ ፍወሳ’ውን ኢዱ ሓዊሱ እዩ። ኣልዲኒ ንስነ ፍልጠታዊ ስርሓቱ ብዘይካ ብቛንቋ ኣደኡ ብፍረሰነኛን እንግሊዝኛን ጽሒፉዎ። እቲ ቀዳማይ ዕሉል ደጋፊ ኣኮኡ ጋልቫኒ እዩ ነይሩ። ኣንጻር ናይቲ ኣለክሳንድሮ ቮልታ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ፓቪያ ዝፈጠሮ ማሕበር፡ ኣልዲኒ ኣብ ቦሎኛ ንፈተነታት ጋልቫኒዝም እትድግፍ ማሕበር ክትምስረት ሓጊዙ። ክርክር ጋልቫንን ቮልታን ንርኽበት ባተሪ እዩ ወሊዱ።

ኣልዲኒ ንመላእ ኤውሮጳ ፈተነታቱ ከካይድ ዘይሩዋ። ኣብ ፈተነታቱ ዝነበሮ ብቕዓት ንብዙሓት ኣደናቒ ምርኢት እዩ ነይሩ።

ብ1802 ናብ ለንደን ብምኻድ ኣደናቒ ምርምራዊ ምርኢት ኣቕረበ። “ፕሮፌሰር ኣልዲኒ ብዙሓት ተኸታተልቲ ፈተነታት ኣካይዱ ኣሎ። ምርኢታቱ ኣዝዩ ብሉጽ፡ ጋልቫኒዝም (ኤለክትሪክ እንስሳ) ካብ ዝኾነ መነቓቕሒ ዝሓየለ ምዃኑ ዘመስክር’ዩ ነይሩ፡ ” ክብሉ ጸሓፍሉ። ኣብ ቦሎኛ ተመሊሱ፡ ኣብ ኣፍ ሞት ንዝነበሩ ገበነኛታት ንኽመራመረሎም ክወሃቡዎ ተቢዑ ሕቶ ኣቕረበ። ድሕሪ ሰዓትን ርብዕን ሞቶም፡ ከነቓቕሖም (ምስ ባተሪ ከላግቦም) ኣብ ዝፈተነሉ ምልክት መሪር ቃንዛ ኣብ ገጾምን መትንታት ርእሶምን ተራእየ። ኢዶም ን20.32 ሴንቲ ሜተር ብራኸ ባዕሎም ሓፍ ክብሉ ክኢሎም። ጸኒሑ ሓደ ዝተወሰነ ሚዛን ዘሎዎ ንብረት ኣብ ኢዶም ኣንጠልጢሉ ምስ ፈተኖ ድማ ብዘይ ጸገም ኣእዳዎም ሓፍ ክብላ ተራእየን። ሳሕቲ ከም ምርኢት ትያትር ናብ ህዝቢ ዝቐረበሉ ግዜ’ውን ነይሩ። ከምዚ ፈተነታት ኣብ ምውታት ሰባት፡ ኣፍራስን ርእሲ ኣብዑርን ፈተኖ። ካብ ገጾም ስምዒታት ከንብብን መሓዉሮም ክንቀሳቐስን ክኢሉ። ርእሲ ከልቢ ቈሪጹ ምስ ሓያል ባተሪ ምስ ኣላገቦ፡ ኣፉ ንእለት ተኸፊቱ፡ ኣስናኑ ሓርቂሙ፡ ኣዒንቱ ተኸፊተን። “እቲ ከልቢ ካልኣይ ብህይወት ንኽነብር ዝሳቐ ዝነበረ እዩ ዝመስል፡ ” ብምባል ኣብቲ ምርምሩ ዝወዓሉ መስከሩ። ኣልዲኒ ካብቶም ቀዳሞት ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘሎዎም ሰባት ክፍዉሱ ዝጀመሩ እዩ። ሾክ ወይ ብኤለክትሪክ ብምንቕቓሕ ብዙሓት ናይ ኣእምሮ ጸገም ዝነበሮም ፈዊሱ እዩ።

ብ1803 ኣልዲኒ ምርምራቱ ኣብ ለንደን ኣሕተሞ። ብ‘French National Institute’ ኣብ ኣዳራሻት ለንደን በታ መጽሓፍ እናተመርሑ ተፈቲኑ። ኣዝያ ጸላዊት ንኽልስ ሓሳብ ቮልታን ጋልቫኒን ኣብ ሓደ ዘወሃሃደት ምዃና ገለጹ። ኣብታ ዓመት እቲኣ ካልእ ኣገራሚ ስርሕ’ዩ ዘቕረበ። ብገበኑ ዝተሓንቀ ጎርጅ ፎስተር ናይ ዝተባህለ ኣካላት፡ ከም ዝመተ ብሓካይም ምስ ተረጋገጸ፡ ኣልዲኒ ብርትዕ ዝበለ ባተሪ ኣምጸአ። እተን ክልተ እወታውን ኣሉታውን ገመዳት ሓንቲ ኣብ ኣፉ ሓንቲ ኣብ እዝኑ ምስ ኣልገበሉ፡ ኣፉ ተኸፊቱ ጸጋመይቲ ዓይኑ ውሪሕሪሕ ኢላ። ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ብምልጋብ ዝተፈላለየ ምንቅስቓሳት ናይቲ ሬሳ ኣርኣየ።

ኣልዲኒ ንምርምራቱ ብጥንቃቐ ብስነ ፍልጠታዊ መዐቀኒታት እናመዝገበ ይሰርሓሉን ይምህረሉን ነበረ። እዚ ኣብ 72 ዓመቱ ብ1834 ነዛ ዓለም ዝገደፋ ኣልዲኒ፡ ምርምራቱ ኣብ ድሕነት ህይወት ሰባት ግደኡ ገይሩ’ዩ ከይዱ።

ማከዳ ትንሱእ

## ልሙዳት ስሕተታት ኣብ እንግሊዝኛ



COMMON MISTAKES IN ENGLISH

MISUSED FORMS
WORDS OFTEN CONFUSED

Make and Do.

(a) Make.

Don’t say: The carpenter did a large table.

Say: The carpenter made a large table.

(b) Do.

Don’t say: You must make your work carefully.

Say: You must do your work carefully.

ምንጪ፣ ካብ መጽሓፍ ‘COMMON MISTAKES IN ENGLISH’


## ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

### በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




## ልቖታታት ስርዓተ ምስትንፋስ

ኣካልና ብዝተፈላለየ ስርዓታት ዝቖመ ኲይኑ፡ እቲ ስርዓታት ከኣ ብዝተፈላለየ ህዋሳት ዝተሃንጸ እዩ። ስርዓተ ምስትንፋስ ሓደ ካብቲ ስርዓታት እዩ። ብኣፍንጫ፡ ኣየር ዝምሓለልፍ ሻንቢቆታትን ክልተ ሳናቡእን ዝተሃንጸ ስርዓት ድማ እዩ። ከየስተንፈስ ዝነብር ህይወታዊ የለን። ዝኾነ ሰብ ምናልባት ንውሕዳት ደቓይቕ ጥራይ ከየስተንፈሰ ክጸንሕ ይኽእል ይኸውን። ኣፍናን ኣፍንጫናን ሓቲምና ንኽንደይ ደቓይቕ ክንጸንሕ ንኽእል፧

ከነስተንፍስ እንከለና ኦክሲጅን ካብ ከባቢና ዝርከብ ኣየር ንውሽጢ ስሒብና፡ ካርቦን-ዳይ-ኦክሳይድ ድማ ንደገ ነውጽእ። እንተኾነ እቲ ብኣፍንጫና ካብ ከባቢና እንስሕቦ ኣየር፡ 20.93 ሚእታዊት ኦክሲጅን፡ 0.03 ሚእታዊት ካርቦን-ዳይ-ኦክሳይድ፡ እቲ ዝተረፈ ከኣ 79.04 ሚእታዊት ናይትሮጅንን ኣርጎንን እዩ። ካብቲ ንደገ እንትፍኦ ኣየር ከኣ 16.4 ሚእታዊት ኦክሲጅን፡ 4.1 ሚእታዊት ካርቦን-ዳይ-ኦክሳይድ ክኸውን እንከሎ፡ 79.5 ከኣ ናይትሮጅንን ኣርጎንን እዩ።

መጀመርታ ኣየር ብኣፍንጫና ኣቢሉ ክኣቱ እንከሎ ጠሊ ከይረክብ ምእንታን፡ ኣብ ኣፍንጫና ብዝርከቡ ናይ ደም ሻንቢቆታት ይመውቕ እዩ። ኣብዚ ቀዳማይ ደረጃ ጀርምታትን ደሮናን ቡቶም ኣብ ኣፍንጫና ዝርከቡ ‘ሲልያ’ ወይ ‘ሙካስ መምብሬን’ ተሓኒቖም ክተርፉ እንከለው፡ በቲ ንደገ ዝወጽእ ትንፋስ፡ ክንህንጥስን ክንስዕልን እንከለና ንደገ ይምለስ። ቅድሚ ናብ ናይ ድምጺ ሳጹን ምብጽሑ፡ እቲ ንውሽጢ ዝሰሓብናዮ ኣየር ምስ እንበልዖ መግቢ ኣብ ሓደ ሰዓት ክሓልፍ ኣይክእልን’ዩ። ንጣብ ደም’ውን ትኹን ኣብ ኣየር ዝሓልፈሉ መገዲ እንተ ጸኒሓ ክሳብ ሃለዋትና እነጥፍኣሉ ኣጋጣሚ ክፍጠር ይኽእል።

ብናይ ድምጺ ሳጹን ዝሓለፈ ኣየር፡ ናብ ናይ ንፋስ ሻንቢቆ’ዩ ዝሰግር። ኣብዚ ሻንቢቆ መሊቖም ዝሓለፉ ጀርምታት ወይ ደሮና ቡቶም ኣብቲ መናድቕ ናይቲ ሻንቢቆ ተነጺፉ ዝርከብ ‘ሙካስ’ ተታሒዞም ክተርፉ እንከለው፡ ብ’ሲልያ’ ከኣ ናብ ከባቢ ጕሮሮና ይምለስ። እዚ ናይ ንፋስ ሻንቢቆ ኣብ ኣፍ ልብና ምስ በጽሐ፡ ናብ ክልተ ሓጸርቲ ጨናፍር (bronchi) ይምቀል። እቲ ምቃላት (bronchioles) ጨናፍር እናመስረተ ከም ገረብ ናብ ዝቐጠነን ዝረቐቐን ጫፋት ይዝርጋሕ። እዚ ጫፋት ናብ ብካፒላሪታት ዝተኸበበ ናይ ኣየር ልቖታታት እዩ ዝመራሕ። እዚ ልቖታታት ኣብ ማዕሙቕ ሳንቡእና ዝርከብ ኲይኑ፡ እቲ መስርሕ ምቅይያር ኣየር ዝካየደሉ ጫፍ ከኣ ኣብኦም’ዩ።

እዚ ኣብ ሳንቡእና ዝርከብ ልቖታታት ምስ ናይ ደምና ካፒላሪታት ኣዝዩ ዝጠበቐ ኲይኑ፡ ብኣዝዩ ረቂቕ ቀጸላ ይፈላለ። በዚ ቀጸላ’ዚ ኣቢሉ ድማ ምቅይያር ጋዛት ይካየድ። ኦክሲጅን ካብቲ ልቖታታት ናብ ደምና ክዝሩቕ እንከሎ፡ ካርቦን-ዳይ-ኦክሳይድ ድማ ካብ ደምና ናብቶም ልቖታታት ይሰግር። እቲ ኣየር ቅድሚ ምዝራቑ ኣብ ውሽጢ ልቖታታት ብዝርከብ ፈሳሲ ይዳወስ’ዩ።

ኣብ ነፍሲወከፍ ሳንቡእና ከባቢ 150 ሚልዮን ልቖታት ክህልው እንከለው፡ ኣላጊብና ምስ እንዝርግሖ፡ ክንዲ ስፍሓት ሓደ መጻወቲ ሜዳ ባይታ ቴንስ እዩ። ጋዛት ዝለዋወጥሉ ባይታ ክንእስ እንከሎ፡ ዓቕልና ክጸበና ስለ ዝኽእል፡ እዚ ልቖታታት ኵሉ ግዜ ኣየር ክህሉዎ ግድን’ዩ። ምኽንያቱ ኣየር ምስ ዘይህሉዎ ተጨቢጡ ክጣበቕ ስለ ዝኽእል።

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

## ዳእላ ተመሃሮ



“An abstract noun,” the teacher said, “is something you can think of, but you can’t touch it. Can you give me an example of one?”

“Sure,” a teenage boy replied, “My father’s new car.”

***

ሜሪ ማና

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ኢድካ ኣብ ርሱን እቶን ንሓደ ደቒቕ ኣቕምጥ፣ ሓደ ሰዓት ከም ዝጸንሓካ ኰይኑ ክስምዓካ’ዩ። ምስ ተፍቅሮ ሰብ ንሓደ ሰዓት ኮፍ በል፣ ደቒቕ ኮፍ ዝበልካ ኰይኑ ክስምዓካ’ዩ። እዚ’ዩ ድማ ክልሰ-ሓሳብ ተዛማድነት።”

- Albert Eintein

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

## ዲጋ ዓዲ ሃንስ - ልቢ ዓዲ ተረስርስ

ብርሃነ ዓንደመስቀል



ዓዲ ሃንስ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ እትርከብ ዓዲ እያ። ህዝቢ እዛ ዓዲ ብጉልበቶምን ገንዘቦምን ዝጀመሩዎ ህንጻ ዲጋ፡ ክልተ ራህያታትን ፕሮጀክት ዝሰተ ማይን ኣድላዪ ደገፍ መንግስቲ ተወሲኹዎ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ምዝዛሙ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ጸሓፊ ህግደፍ ናይቲ ዞባ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ፡ ኣዘዝቲ ኣብቲ ከባቢ ናይ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዕዱማትን ህዝብን ኣብ እተረኽብሉ ድማ ብዕለት 02 ነሓሰ 2026 ተመሪቓም።



ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣብቲ ናይ መመረቕታ ስነ ስርዓት፡ ኣብ ዘሰምዖ ቓል፡ “እዚ ሎሚ ብወግዒ ዝምረቕ ዘሎ ዲጋ፡ ሓደ ካብቶም ብፍሉይ ተበግሶ ህዝብን ኣድላዪ ደገፋት መንግስትን ኣቕዲሞም እተሃነጹን ንህዝቢ መስተርሆት ዝፈጥር ኣገልግሎት ዝህቡ ዘለዉን ኣገደስቲ ዲጋታት እዩ። ብዓይነቱን ዝሕዞ መጠን ማይን፡ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ ተሃኒጾም ካብ ዘለዉ 10 ዲጋታት፡ ኣስታት 200,000 ሜተር ክዩብ ማይ ብምሓዝ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ይስራዕ። ን506 ስድራቤታት፡ ወይ ን2258 ትንፋስ፡ ከምኡ’ውን ንጥሪትን መስኖኣዊ ልምዓትን ከኣ ዘገልግል እዩ።” ብምባል፡ ንዝጸንሐ ሕጽረት ማይ ዘቃልልን ንልምዓት ጥጡሕ ባይታ ዘፈጥርን ምኳኑ ኣብሪሁ። ኣብ ምምሕዳሩን ኣጠቓቕማኡን ኣድላዪ ክንክን ክግበረሉ ብምምሕጻን ድማ ንኹሎም ኣብዚ ፕሮጀክት እጃሞም ዘበርከቱ ኣካላት ኣመስጊኑ።

ቀጺሉ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ፡ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ብወገኑ፡ “ናብዚ ውሑስን ጽሩይን ማይ ንምውሓስ እተገብረ ውጽኢታዊ ፍረ ጻዕርና ምብቃዕና የሃና” ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝርከብ ህዝቢ ዓዲ ሃንስ፡ ተወዲቡን ሓድነቱ ኣስጢሙን ጸገማቱ ንምቅራፍ፡ ብሓያል ኒሕን መንፈስን ተበጊሱ፡ ናብዚ ደረጃ ምብጽሑ ብምብራህ፣ ንልምዓታዊ መደባቶም ጽልዋኡ ዓቢ ምኳኑ ኣገንዚቡ። “እዚ ንሓያሎ ብድሆታት ሰጊሩ ብዓወት እተዛዝመ ዓቢ ስራሕ፡ ባዕሉ ይዛረብ’ዩ፣” ዝበለ ኣቶ ኣብርሃም፡ ነቲ ብስጡም ውዳበኡን ሓያል ጻዕሩን ዝተዓወተ ህዝቢ፡ ደጊሙ ኣመጒሱ።



ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ

ድሕሪ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት ምስ ክኢላ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ፡ ኢንጅነር ተመስገን ጎይትኦም፡ ንሓፈሻዊ ኣጀማምራ እዛ ዲጋን እትሕዞ ዓቐን ማይን ከመይ ከም ዝመስል ተወኪስናዮ ኔርና።

‘ዲጋ ዳዕሮ ከበሮ፡ ብ1 ሰነ 2019 እያ ተጀሚራ፣ ካብቲ ማይ መሊኡ ዘሎ ታሕተዋይ ክፋል፡ 190 ሜተር ጀሚራ፡



ኢንጅነር ተመስገን ጎይትኦም

ኣብ 255 ሜተር ብራኸ በጺሓ ትርከብ። ቁመታ 10 ሜተር ኹይኑ፡ እቲ ሸሞንተ ሜተር ማይ ዝሕዝ ክልተ ሜተር ድማ መስተንፈሲ እዩ። ኣብዚ እዋን፡ ዳርጋ ሰለስተ ርብዒ ካብቲ ጠቕላላ ክትሕዞ ዝግባኣ ማይ ማለት ኣስታት 160,000 ሜተር ክዩብ ሒዛ ትርከብ። መሰርሕ ናይዛ ዲጋ ክብገስ ከሎ፡ እቲ ቐንዲ ዕላማ ምንጪ ዝሰተ ጽሩይ ማይ ንምውሓስ’ዩ ነይሩ። ቀጺሉ ንሕርሻዊ ልምዓት፣ ካብኡ ሓሊፉ ድማ፡ ንምህብታም ትሕተ ባይታዊ ማይ ዝዓለመ እዩ።” ብምባል ብልዕሊ 10 ሚልዮን ናቕፋ እተሃንጸት ዲጋ ምኳና ኢንጂነር ተመስገን ጎይትኦም ገሊጹ።

***

### ርእይቶታት ደቂ ዓዲ

#### ኣቶ ንፍታሌም ገብረሃዋርያት

‘ቅድሚ ሕጂ ነፍሪ ነይርና ኢና፡ እዛ ዲጋ’ዚኣ ምስራሓ ኸኣ፡ ብዘበለጸ



ኣቶ ንፍታሌም ገብረሃዋርያት

ክነልምዕን ኣብ ዓመት ክሳዕ ሰለስተ ሳዕ ክነፍርን’ዩ ትምኒትና። ደቅና ብኸቢድ ጻዕሪ ኣብዚ ዘብቅዑና፡ ንሕና ክንለምዕን ሸዊት ሓጋይ ክንበልዕን እዩ። ነቲ ዝጸዓሩሉ ክነፍርየሉ ኸኣ ናትና ግደ ይኸውን።’

***

#### ብርኽቲ ኣሚነ - ተቐማጢት ዱባይ

‘ንዓድኻ ክትሃንጽ፡ ዓቢ ኩርዓት እዩ። ስድራኻ ኣብ ገዛኦም ጽሩይ ማይ ክሰትዩ፡ ከምዚ ዝበለ ዲጋ ተሃኒጹሎም ኣልሚዮም ነብሶም ክኽእሉ ክትርኢ ከለኻ’ ዝፈጥረልካ ሩፍታ መግለጺ የብሉን። ንሕና ዝሓገዝናዮ ውሑድ’ዩ፣ ኣነ ክሳዕ ክንድ’ዚ ለውጢ ዝመጽእ ኣይመሰለንን ነይሩ፣ ኣዝየ እየ ተሓጒሰ ዘለኹ።



ወ/ሮ ብርኽቲ ኣሚነ

***

#### ወ/ሮ ኣልጋነሽ እስቲፋኖስ

‘ብሓቂ ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ እዩ ዘሎና። ከመይ፤ ቅድሚ ሕጂ ሜትሮታት ኰዒትና ኢና ማይ ንሰቲ ነይርና። ሕጂ ግን ኣምላኽ ሂቡና፡ ከም ድላይና ንቐድሕን ጽሩይ ማይና ንሰትን ኣለና። እተፈትሑ ሽግራት ብዙሓት እዮም። እነሆ’ኳ ንኣሽቱ ቆልዑ ልኢኽና ንጥቀም፣ ጥሪትና ነስቲ፣ ብሳንኬሎ ቀዲሕና ጀርዲንና ነልምዕ፣



ወ/ሮ ኣልጋነሽ እስቲፋኖስ

ካብዛ ዲጋ’ዚኣ ብዙሕ ጥቕሚ’ዩ ዘሎና። ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ንሰርሕ፣ ብሓቂ፡ ሳላ ጀጋኑና ተዓዊትና ኢና።’

***

#### ኣቶ ሃብተማርያም ፍስሃየ

እዛ ዲጋ፡ ብስራት ናይ ሰማእታትና እያ። ብሩኻት ውላድ ምስ ወለድና፡ ብሩኽ መንግስቲ ምስ ረኸብና፡ እዚ ትካል’ዚ ገይርና። ‘ዕዉር እንታይ ይደሊ ብርሃን፣ ነጋዳይከ እንታይ ይደሊ ድሓን’ እዩ’ሞ፡ ንሕና ኸኣ፡ እዚ ማይ’ዚ ተቐሪቡልና ኣሎ’ሞ፡ ዝያዳ ክነፍርየሉን ክነልምዓሉን ስለ እንደሊ ጉልበትና፡ ደቅናን መንግስትናን ሒዝና፡ ኣብ ፍርያት ክንበጽሕ ሰብ ምሉእ ተስፋ ኢና። ነዛ ዲጋ ክነፍርየላ፡ እኹል ዓቕምን ዝሃብካዮ ዘፍሪ መሬትን ኣሎና፣ ንነብስና ኰይንና ንዞባና ክንከውን ስለ እንኽእል፡ ደገፍ ክኢላታትን መሳለጥያታትን ኣይፈለየና። ስለዚ፡ ማይ ተቐሪቡ ኣሎ’ሞ፡ ኣብዚሕና ክነልምዓሉ ንትስፎ።’



ኣቶ ሃብተማርያም ፍስሃየ

***

#### ወ/ሮ ሰበነ መንግስትኣብ

‘ቀደም ኣብዚ ‘ማይ መስሕል’ ዝብሃል፡ ጽሩይ ዝሰተ ማይ ነይሩ። ደቅና ኣርኪቦምሉስ ኣድጊ ዘሎዎ ብኣድጊ፡ ኣድጊ ዘይብልና ድማ ብሕቖና



ወ/ሮ ሰበነ መንግስትኣብ

እናወረድና ኢና፡ ማይ ንሰቲ ነይርና። ሕጂ ግን ኣምላኽ ይመስገን፣ ሳላ ደቅና፡ ኣሕዋትናን ስድራናን ቀሲንና። ቡን ሰክቲትና’ኳ እናጎየና ጽሩይ ማይና ኣምጺእና ንሰቲ ኣለና። ኣብ ገገዛና ክኣቱ’ውን ተስፋ ኣሎና።

እዛ ዲጋ፡ ሰፋሕን ገፋሕን ስለ ዝኾነት፡ ጉልበት ዘሎዎ ጀርዲን ሰሪሑ ክበልዕ ይኽእል፣ እንተደለኻ ዒላኻ ኰዒትካ፡ ብቴኖ ቀዲሕካ ወይ ሞተር ገይርካ ከተልምዕ ጸገም የለን። እዞም ዕብይ ዝበልና’ውን እንተ’ኹነ፡ ካብቶም ዝሰርሑ ንካፈልን ንዕድግን ኣለና። ሸሻይ ዓድና ይመልኣልና፣ ሕጉሳት ኢና። እንቋዕ እዚ ኣርኣየና እዞም ደቀይ፣ ወፊርኩም እተዉ።’




ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም    ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሸባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቀምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሸባብ” እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጾስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ንሓዋሩ ሌላ

“ጓል 34 ዓመትን'የ። እንተኾነ ግዳ ምስ ሰባት ናይ ምልላይ ባህረይ ኣዝዩ ዝሑል'ዩ። ሰባት ክወሃሃዱ ክርኢ እንከለኹ ከኣ እቐንእ።”



ደላዩት ምኽሪ፥ ሄሎው ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ድዩ፧

ኣማኻሪ፥ መርሓባ እወ። ብሃማመተኤ እናተዳለወ ዝቐርብ፡ ምኽሪ ኣብ መስመር ናብ ዝወሃበሉ ደዊልኪ ኣለኺ። መን ክብልን ካበይ ትድውሊ ምህላውክን ፍቓደኛ እንተ ኴንኪ ከኣ ዕድሜኽን ክትነግርና፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ኤልሳ እብሃል ካብ ኣስመራ እየ ዝድውል ዘለኹ። ዕድመይ ምሕታትካ፡ ዘሻቐለኒ ዝገመትካ ኢኻ ትመስል። እንተኾነ፡ ብኑብሰይ'ውን ክነግረካ ሓሳብ ነይረ'የ። ጓል 34 ዓመትን'የ። ደረጃ ትምህርተይ ድማ 12+2 እዩ።

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ኤልሳ ናባና መደወሊኺ እንታይ ይኸውን፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ኣነ ኣብ ሓደ መንግስታዊ ቤት ጽሕፈት'የ ዝሰርሕ። እንተኾነ ግዳ ምስ ሰባት ናይ ምልላይ ባህረይ ኣዝዩ ዝሑል'ዩ። ገለ ሰባት ቀልጢፎም ክላለዩን ንሌላኦም ናብ ረብሓኦም ቀይሮም ምስ ሰባት ክወሃሃዱ ክርኢ እንከለኹ ከኣ እቐንእ። ምስ ሰባት ናይ ምቕራብን ጥቡቕ ሌላ ኣብ ምምስራትን ክሰግሮ ዘይክእል ብደሆ ኮይኑኒ።

ኣማኻሪ፥ ኩነታት ስራሕኪ ከመይ ይመስል፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ስረሐይ ብዙሓት ዓበይቲን ንኣሽቱን ዓማዊል ዘራኽብ ርሒብ ዕድል ንምምስራት ዝምድናታት ዘለዎ እዩ። ኣብ ባንኪ እየ ዝሰርሕ። ከምኡ ኮይኑ ከብቅዕ፡ ንቝምነገር ዝዓለመ ጥብቕ ኢለ ሌላ ክምስርት ዘይምኽኣለይ የሻቕለኒ።

ኣማኻሪ፥ ንምንታይ ዝዓለመ ሌላ ዲኺ ደሊኺ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ብዘይ ቃልዓለም ኵሉ ዘጋጠመኒ ከዕልለካ እየ። ደቂ ሰባት ኣይላለን'የ ኣይኮነን ዘረባይ። ከምቲ ዝበልኩኻ ንዝሓለፈ ሽዱሽተ ወይ ሸውዓተ ዓመታት ጾታ ብዘየገድስ፡ ምስ ገለ ዝረኸብክዎም ሰባት ተላልየ እየ። ከም ዕላማ ሒዘ ግን ንሓዳር ዝኾነኒ ክላለ ዘይምኽኣለይ'ዩ እቲ ጸገመይ።

ኣማኻሪ፥ ኣብ ምንታይ ተተኩሪ ማለት እዩ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝተረኸብኩት ግዜ፡ ዝበዝሐ እዋን፡ ዳርጋ ኵሉ ኣተኵሮይ፡ ምስ ስራሕን ምስ ውልቃዊ ዋኒነይን ዝተሓሓዘ ጉዳያትን ከሳልጥ እየ ዝኸይድ።

ኣማኻሪ፥ ኣብ ስራሕን ሌላን ብማዕረ ብዘይ ምስጓምኪ ኣሻቒሉኪ። ንምድዋል ካብ በጻሕኪ ደኣ፡ ንምትግባሩ ኣብ ኢድኪ ዘሎ ኮይኑዶ ኣይስመዓክን፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ስለምንታይ ንሰባት ማዕረ ስራሕ ዘይተገደስኪ እዩ ዝመስል ኣበሃህላኻ፧ ንሱስ ሓቕኻ ነይርካ ግዳ ብኸመይ ነቲ ናይ ስራሕ ዕላላት ናብቲ ኣነ ዝደልዮ ጉዳይ ከብሎ ሓርቢቱኒ።

ኣማኻሪ፥ ኣብ ኣቀራርባኺ እትጥቀምዮ ኣገባብ ከመይ ይመስል፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ብሓፈሻኡ ኣብ ኣቀራርባይ ብዙሕ ሕውስቲ ኣይኮንኩን። መብዛሕትኡ እዋን ኣብ ቍምነገርን ስራሕን ኣድሂበ እየ ዝዛረብ። ንኹሉ ሰብ ብማዕረን ግርህ ዝበለን ኣቀራርባ ከም ዘለኒ ኮይኑ ከኣ ይስመዓኒ።

ኣማኻሪ፥ ቍሩብ ተበግሶ ካብ ሃለወ፡ ስክፍታታትኪ ካብ ኣላለኺ፡ ከም ዕላማ ዘይመትሓዚኺ እንታይ ትብልዮ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ኣብ ሌላ'ውን'ኮ ዝበዝሐ እዋን ብሰባት እየ ዝዕብለል። ብኑብሰይ ተበግሶ ስራሕ እምበር፡ ተበግሶ ንሌላስ የብለይን።

ኣማኻሪ፥ ሌላኺ ጾታ ዝፈሊዶ ይኸውን፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ገምጋመይ ምስ ደቀንስትዮ ከም ሰበይ እየ። ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ጎፍ ምስ ዝበሉኒ ደቂ ተባዕትዮ ክቐርብን ክጽጋዕን እሓስብ'ሞ ዝጸዓነኒ ክብደት ዝግለጽ ኣይኮነን።

ኣማኻሪ፥ ድሕረ ባይታ ኣተዓባብያኺ ከመይ ይመስል፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ብወገን ወለድና ቀይዲ ዝነበሮም እዮም ነይሮም። ብፍላይ ኣቦና፡ ኣብ ቀሉዕ ይኹን ክዉል ከባቢ፡ምስ ጎረባብትና ከይተረፈ ከይንረኣን፡ ምኽሪን መግናሕትን የንብር ምንባሩ እየ ዝዝክር። ዝዓበናሉ ከባቢ ብገለ ሸነኹ እምበር፡ ብዙሕ ምትሕውዋስ ኣብ ዘይብሉ ገዛውቲ እየ ዓብየ። ብዘይካኡ ኣብ መንጎ ሰለስተ ኣዋልድን ሕሳስልደ ሓወይን ምዕባየይ፡ ጽቡቕ ምርድዳእን ሓልዮትን ስለ ዝነበረና፡ ክንወጽእን ክንኣቱን ብሓደ ብምንባሩ ንኻልእ ክንላለ ብዙሕ ዘተባብዕ ኣይነበረን።

ኣማኻሪ፥ እስከ ካብ ቦታ ስራሕኪ ወጻኢ፡ እትገብርዮ ምንቅስቓስ ከመይ ይመስል፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ምስ ንኣይ ዝመስላ መሓዙት፡ ፈተውትን ቤተሰብን ስሒት ኢለ እወጽእ እየ። ዝበዝሐ ዝረኽቦ ትርፊ እዋናት ግና ምስ ስድራይ ብምዃን ኣብ ምስውሳው ገዛ እየ ዘሕልፎ። ኣብ ርእሲኡ ኣብ ንዝተዓደምናዮ ውራያት ንስድራይ ወኪለ ድየ ንውልቀይን ከኣ እሕወስ እየ። ከም ሰበይ ከኣ ኣብ ወግዕታት ሕብረተሰብ የኽብርን፡ ዓቕመይ ዝፈቐዶ ሓገዛት ከኣ የበርክትን እየ።

ኣማኻሪ፥ ኣብዞም ኩሎም ዝጠቐስክዮም ኣጋጣሚታት ንዝተረኽበ ዕድል ክትጥቀምሎም ኣይምኸኣልክንዶ መሰለኪ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ ጸገመይ እኮ ቍሩብ ተነጽረለይ ኣለኻ። ብተበግሶይ ዝተላለኽዎ ሰብ ኣይዝከረን እዩ። ብውሑዱ ሰላምታ ሂቦም ቍሩብ እንተ ዘይኣዛራሪቦምኒ ብዝመጻእክዋ እየ ዝምለስ።

ኣማኻሪ፥ ኩነታት ስራሕኪ ፈቒድዎ ዲኺ ወይ ብኻልእ መገዲ መገሻ፡ ስልጠና ኣብ እትኸድሉ ወይ እትፍለይሉኺ እንታይ ትገብሪ ትኾኒ፧

ደላዩት ምኽሪ፥ እንታይ ክገብር ድኣ። ከምታ ዝበልኩኻ ኣብ ቍምነገርን ስራሕን ትምህርትን ጥራይ ኣድህብ።

ኣማኻሪ፥ ተመካሪ ዝያዳ ኣማራጺታት ረኺቡ፡ ፍታሕ ከናዲየሉ ዝኽእል ዕድላትን ባይታን ተፈጢርሉ፡ ባዕሉ ጉዳያቱ ክከታተል ኢና እነተባብዕ። ዘለዎ ናባና ኣቕሪቡ፡ ብሓደ ሸነኽ ንዝወሃብ ምኽሪ ጥራይ ተቐቢሉ ዝኸይድ ኣይነታባብዕን ኢና።

ደላዩት ምኽሪ፥ ደሓን ጉድለተይ ኣበይ ምንባሩ ክገሃደለይ ጀሚሩ ብምህላዉ ኣነ'ውን ኣይጸላእክዎን። ናይ ቀረባ ኣብነት ከዕልለካ እየ። ኣብዚ 2025 ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ወይ ካድር ክምሃር ንገለ ክልተ ኣዋርሕ ናብ ቦታ ጽንዓት ናቕፋ ገይሸ ነይረ። ንኽልተ ኣዋርሕ ዝኸውን ምቁር እዋን ኣሕሊፈ ከኣ መጺአ። ምስ ኩሎም ደቂ ጋንታይ'ኳ እንተ ዘይኮነ፡ ምስ ዝበዝሑ ካብኣቶም ተላልየስ ቁጽሪ ተለፎናት'ውን ተለዋዊጠ መጺአ።

ኣማኻሪ፥ ሓደ ኣበሃህላ ኣሎ። ‘ሰባት እንተ ዘይተገዲስካሎም፡ ኣይግደሱልካን እዮም’ ዝተባህለ፡ ከምቲ ንገዛእ ርእስኺ እትቕልበላ፡ ኮነ ኢልኪ ኣብ ሰባት ዘለኪ ኣቓልቦን ተገዳስነትን ዝዓብየሉ ባህሪ ክትላበሲ፡ ብኽይብሉኒ ዝብል ሓሳብ ከይተወረርኪ፡ ነገራት ከየካበድኪ ብሰላምታ ዝፈለመ ምዉቕ ተበግሶ ብምግባር ጥራይ፡ ዝሓሸ ናይ ሌላ መንፈስ ክህልወኪ ይከኣል እዩ። ሓሳባት ይዕበ ይንኣስ ንሰባት ምክፋል፡ ሓሳባቶም ከኣ ብተገዳስነትን ብጽሞና ምስማዕ፡ ብዘይ ሕብእብእ ዝርዝራዊን ገለጽትን ቃላት ምጥቃም፡ ኣብ ዝምድና ምምስራት ሓገዝቲ እዮም።

ኣብ ናይ ምብህሃል መስርሕ ክፍለጡ ዝግብኦም ‘ተግባራት ልዕሊ ቃላት ሓበሬታ ናይ ምሃብ ብቕዓት ከም ዘለዉዎም’ ምስትብሃል'ውን የድሊ።

‘ከይብሉኒ ዝበለስ ከይተባህለ ነይተርፍ’ ከም ዝበሃል፡ በዚ ስምዒት ካብ ዝፍጠር ነብሰ ምትሓት ከመይ ትገላገሊ ጽሑፋት ከይተረፉ ምውካስ። ነዚ ንምትግባር ፈለማ ንስብኣውነትኪ ከም ዘላታ ምቕባል። ልበ ምሉእነት ዘለዎ ኣዘራርባ ማለት፡ ንዝተሰምዓካ ኣብ ቅድሚ'ቲ ነታ ስምዒት ኣገንፊሉልካ ዘሎ ኣካል፡ ሓቅነት ዘለዎ ኣበሃህላ ምዝውታር። ብድሕሪኡ ሕሜታ ምውጋድ። ኣብ ዘገድስ ከኣ ግቡእ ግብረ መልሲ ብምቕራብ፡ ርእሰ ተኣማንነት ክትሃንጺ ካብ ዘኽእሉ ሜላታት ምዃኖም ነዘካኽር። ብኣእማንን ኣኽብሮት ብዘለዎን መዳይ ነብሰ ምግላጽን፡ ድኽመታትካን ብልጫታትካን ከኣ ምግምጋም። ኩሉ ግዜ ፍጹምነት ኣብ ደቂ ሰባት ከም ዘየለ ፈሊጥና፡ ንነብስና በቲ ጽቡቕ መዳያ ምድናቕን ምቕባልን። ናይ ኢሂን ምሂን ክእለታት ብምምዕባል፡ ምስ ሰባት ብኸመይ ትረዳዳእ ሜላ ምውህላል። ካብ ኣቐዲሙ ዝነበረ ዝምድናታትኪ ንዝነበረ ጉድለታት ምእራም። ብሉጽ ሌላ ዝበሃል ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመ ኣብ ትምህርቲ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለምን፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወትን ክምስረት እምነት ምሕዳር ጥራይ ኣኻሊ እዩ። ሌላ ከኣ ብዕላማ ጥራይ ዘይኮነ ንእግረ መገዲኻ፡ ብፍሕሸው ኣቀራርባ ክጅምር ከም ዝከኣል ኣብ ግምት ምእታው። እንተ ደኣ ብመደብ ዝግበር ዓይነት ሌላ ክህሉ ኮይኑ፡ ጽባሕ ብታህዋኽ ካብ ዝስዕብ ሳዕቤናት፡ ከየጋጥም ጥንቕቕ ምባል'ውን ክሕሰበሉ ዘለዎ እዩ።

ደለዩት ምኽሪ፥ ተባሂሉ ዘሎ ኣብ ልብና የሕድሮ፡ ንዝገበርካለይ ኣመስግነካ። የቐንየለይ!

ኣማኻሪ፥ ንዘለኪ ስምዒት ኣካፊልኪ ንዓኽን ንኻልኦትን ኣብነት ናይዛ ዕለት ኴንኪ ምድዋልኪ፡ ብስም ኩሎም ኣንበብቲ ናይዛ ዓምዲ ኣመስግነኪ። ጽቡቕ እትነየልኪ።





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ደባስ ወልደስላሴ ሰረቁ፡ ስም ኣደይ ርግበ ዘራጽዮን ሞሲት ምባል ተሪፉ፡ ርግበ ዘራጽዮን ተስፋጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት መና ዓብደልቃድር ሓጂዓሊ፡ ተኸሳሲ ሚካኤል ንገሰ ኪዳነ፡ ወኪል ልያ በረኸትኣብ ጊላይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘይለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ጉት ጉብረሂወት መልኣኩ፡ ወላዲያይ ጉብረሂወት መልኣከ ነማርያም ስለዝዓረፉ፡ ንወላዲተይ ወ/ሮ ለምለም መንግስቱ ኮረሪ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወለይ፡ ን8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ቤ/ፍ ቁ.55 ይቕረብ።

ብፍ/ቦ/ማሳል ነጋሽ ፈሊ ሰዒድን ብፍ/ቦ/ ዕዳ ሰዒድ ኢብራሂም ይሕደጎን ንፈጸሚ ዝምከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን22/10/26 ኣብ 5ይ መጋባእያ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ


ከሳሲት ብጾልቲ ቤት ነፍ/ይትባረክ ወልደትሳኤ ኣሰፋሃ ወ/ሮ ሂወት ዳኒኤል፡ ወኪል ኣኽበረት ኣርኣያ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ ነፍ ሞኮንን ተስፋሚካኤል ወልዱ 1. ኖህ ሞኮንን ተስፋሚካኤል 2. በረኸት ሞኮንን ተስፋሚካኤል፣ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ውሳነ ክወሃቦ ምዃኑ ንፈልጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ደናይት ቦኽረጼን ዑቕባሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ኣርሴማ ቦኽረጼን ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ሓጀር ብርሃ ግደ፡ ብዓል ቤተይ ወልደዝጊ ቀሊታ ዘራጼን ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።





### ምስጋና

ብዘንደብታዊ ዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮ ወድናን ሓውናን ኣቶ መሓሪ ፍስሃየ ኪዳነ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ርሑቕን ቀረባን መጺእኩም ኣብ ከተማ ዊኒፐግ-ካናዳ ኣብ ስነስርዓት ቀብሪ ብኣካል ተረኺብኩም ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ፡ ቴሌፎን ብምድዋልን ብማሕበራዊ ሚድያ መልእኽቲ ብምስዳድን ዘጸናናዕኩምናን ኣሕዋት፡ ቤተሰብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝገጸና ንሕብር።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰላማዊት ጉብረህይወትን ኣቡኡ ኣቶ ፍስሃየ ኪዳነን ምስ ምሉኣት ስድራቤት።



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዴና ወ/ሮ ሚዛን ጉብረወልዲ ኪዳነ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ምስ ዓረፈት ኣብ ዛውል ኬድኩም ዘቃበርኩምና፣ ካብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ናይ ጸንዓት መልእኽቲ ዝሰደድኩምልና፡ ብልቢ እናኣመስገንና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋና ነቕርብ።

ስድራቤት ነፍ/ር ተኽለዝጊ ሃይለማርያም

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ ኣሕምልቲ፡ ቀመማት፡ እንቋቑሖ፡ በርበረ ምስ ቀመሙን ምስ ጨው መጥሓኒ ገፍሮ በርበረ
ዓዳጊ፦ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ፦ ክፉት ጨረታ ሃገራዊ

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/2027 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ንተመሃሮ፡ ኣለይቲ ክለኒካት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከምጋርት ስለ ዝደለና፣ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታትት ቀረብ ኣሕምልቲ፡ ቀመማት፡ እንቋቑሖ፡ ጥሑን በርበረ ምስ ቀመሙን ጨውን፡ መጥሓኒ ገፍሮ በርበረ ብዕሹግ ድቡዓ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2025 ክሊሳንስ ናይ ኣታዊ ወሰጠ ሃገር ከም ዝተኸፍለ መረጋገጺ መንነት ወረቐት የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገ/ቤት/ትም/ኢብራሂም ሱልጣን (ፔተጎ) ነበር ቑጽሪ ተሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5.ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6.ጨረታ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰሉስ ዕለት 8/9/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐረበ ተጫራቲይ ይንጸግ። ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልቲ ኣብ ዝተረኸብሉ ስነስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ሰሉስ ዕለት 8/9/26 ሰዓት 10.00 ቅ.ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ፡ ዝምለስ ንኣሕምልቲ 300.000 ናቕፋ፡ ንጥሑን በርበረ ምስ ቀመሙን ጨውን መጥሓኒ ገፍሮ በርበረን 100.000 ናቕፋ ንእንቋቑሖ 10.000 ናቕፋ ብሲፒኦ (cpo) ከትሓዙ ይግባእ።
8.ጨረ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳርን ንብረት መንግስቲን ብዘኣዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ቑጽሪ ተሌፎን 111479
ኣስመራ ኤርትራ

ሓዳስ ኤርትራ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

**Eritrea-China Exploration and Mining Share Company**

Ararib Street, House No. 37 Kebabi maekel ketema, ; Tel. +291-1-200009; Asmara, Eritrea.

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-China Exploration and Mining Share Company (ECEM) invites qualified applicants for the following posts:

**1, Position:** Environmental Engineer

Place of Work: Augaro
Starting Date: August
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One (1)

| | |
|---|---|
| **Position Overview** | Eritrea-China Exploration & Mining Share Company (ECEM) is seeking an experienced and proactive Environmental Engineer to join our site operations in Augaro, Eritrea. Situated in the Gash-Barka region, our operation, requires high standards of environmental stewardship and strict regulatory compliance.<br><br>The Environmental Engineer will oversee on-site environmental monitoring, statutory compliance, waste management, water stewardship, and progressive land rehabilitation. You will ensure that site activities comply with the Ministry of Energy and Mines (MEM) guidelines, Ministry of Land, Water and Environment (MLWE) regulations, and international frameworks |
| Key Responsibilities | **1. Environmental Monitoring & Field Operations**<br>• Sampling Programs: Inspect site-wide sampling and monitoring programs covering groundwater aquifers, surface runoff, air quality, dust emissions, and ambient noise levels etc.<br>• Water Stewardship: Manage surface and groundwater quality programs, paying special attention to the region's semi-arid hydrological conditions and seasonal river channels.<br>• Infrastructure Inspections: Inspect and evaluate critical site infrastructure including Tailings Storage Facilities (TSF), waste rock dumps, heap leach/CIL plant areas, and fuel storage facilities to prevent Acid Rock Drainage (ARD) and chemical leaks.<br>• Data Precision: Oversee on-site sampling protocols, maintaining proper chain-of-custody and analytical precision with internal or external laboratories.<br><br>**2. Regulatory Compliance & Permitting**<br>• Statutory Alignment: Ensure all site activities strictly align with the Eritrean Environmental Assessment Procedures and Guidelines and national mining legislation.<br>• ESMP Implementation: Implement and update the Environmental & Social Management Plan (ESMP) and monitor fulfillment of Environmental Impact Assessment (EIA) commitments.<br>• Reporting: Prepare and submit routine statutory environmental reports (weekly, monthly, and annual) to corporate management and government regulatory bodies (MEM, MLWE).<br>• Auditing: Lead internal environmental audits and support external regulatory inspections, tracking corrective action plans to closure.<br><br>**3. Waste & Hazardous Materials Management**<br>• Waste Facilities: Oversee total site waste management practices, including hazardous waste storage, domestic landfill operations, sewage treatment facilities, and incinerators.<br>• Spill Response: Maintain spill-prevention protocols and emergency response preparedness for hazardous chemicals (e.g., reagents, hydrocarbons, cyanide where applicable).<br>• Operational Integration: Work alongside mine planning and processing teams to minimize waste generation and integrate sustainable practices into daily operations.<br><br>**4. Mine Reclamation & Biodiversity**<br>• Closure Planning: Contribute to the implementation and continuous refinement of the Mine Closure and Reclamation Plan.<br>• Land Rehabilitation: Supervise progressive rehabilitation, soil stabilization, land contouring, and native re-vegetation trials across disturbed operational footprints.<br>• Ecosystem Monitoring: Monitor local ecosystem health and flora/fauna impact within and surrounding the mining lease.<br><br>**5. Safety, Training & Stakeholder Engagement**<br>• Inductions & Training: Conduct environmental awareness inductions and specialized toolbox talks for site personnel and contractors.<br>• Community Relations: Assist the Community Relations team in addressing community environmental concerns and supporting local stakeholder consultation in the Gash-Barka region. |

CONTINUED TO PAGE 8

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

CONTINUED FROM PAGE 7

| | |
|---|---|
| **Qualifications** | • Bachelor's degree in Environmental Engineering, Environmental Science, Chemical Engineering, or Mining/Civil Engineering with environmental specialization.<br>• 3–7 years of direct environmental engineering experience in open-pit mining, mineral processing, or heavy industrial operations.<br>• Strong knowledge of Eritrean mining and environmental law, or knowledge of the international guidelines<br>• . Practical experience in water management in arid environments, ARD mitigation, dust control technologies, and GIS software (e.g., QGIS or ArcGIS).<br>• Professional fluency in English (written and verbal) is required.<br>• A valid Eritrean driving license will be an advantage. |
| **Personal Attributes** | • Strong sense of responsibility, integrity and coordination.<br>• Excellent organizational and problem-solving abilities.<br>• Ability to work under pressure and mining environments.<br>• Good teamwork and communication skills. |

**Additional Requirement for Nationals:**

- ➢ Having fulfilled his/her National Service Obligation and provide evidence of release paper from Ministry of Defense
- ➢ Present clearance paper from current/last employer
- ➢ Testimonial documents to be attached (CV, experience credentials, copy of your National Identity card etc.)
- ➢ Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- ➢ Application documents will not be returned to sender.
- ➢ All applications should be sent through the post office.
- ➢ Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper.
- ➢ **Address: Please mail your applications to:**

Mineral Resources Management P.O.Box- 272

- ➢ **Note to non-Eritrean applicants:**

Please send a copy of your application to Aliens Employment permit Affairs P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

## ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ኣስመራ; ንሰራሕተኛታቱ ዝኸውን መግቢ ንሓደ (1) ዓመት ዝጸንሕ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ንግዱሳት ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም።

ዓይነት ንብረት
- ፨ ኣሕምልትን ፍረታትን ቀዳማይ ደረጃ
- ፨ ሽሮን በርበረን ቀዳማይ ደረጃ
- ፨ ውጺኢት ጸባ (ፎርማጆ፡ ቺዝ፡ ጠስሚ፡ ሪኮታ) ሞርቴደላ
- ፨ ሃለኽቲ ኣቑሑ (ኣቑሑ ጽሬትን መግብን Grocery Items)
- ፨ ስጋ ደርሆ (chicken meat)
- ፨ እንቋቑሖ (ፍሩይ ደረጅኡ ዝሓለወ) ፍርያት ደርሁ ሆላንድ።
- ፨ ስጋ ማሕሰእ (capretto)

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዒ
- ፨ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ምስ መንነት ወረቐት
- ፨ መረጋገጺ ወረቐት ካብ ዕዳ ነጻ (Clearance) ኣታዊ ውሽጢ ሃገር 2025ን ሰነድ መኽፈሊ ግብሪ 2025ን።
- ፨ መኽበሪ ጨረታ ንኣሕምልትን ፍረታትን 50,000 ናቕፋ፡ ንውጽኢት ጸባን ሞርቶደላን 10,000 ሽሕ ናቕፋ፡ ሽሮን በርበረን 50,000 ሽሕ ናቕፋ፡ ስጋ ደርሆ እንቋቑሖ ነፍሲ ወከፍ 50,000 ሽሕ ናቕፋ ሃለኽቲ ኣቕሑ( (ኣቑሑ ጽሬትን መግብን Grocery Items) 50,000 ሽሕ ናቕፋ፡ ስጋ ማሕሰእ (capretto) 50,000 ሽሕ ብሲ.ፒ.ኦ (C.P.O) የትሕዝ።
- ፨ ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምስ ወጸ ን10 (ዓሰርተ) መዓልታት ስራሕ ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ። ኣብ መበል 11(ዓሰርተ ሓደ) መዓልቲ ስራሕ፡ 10.00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተርኽብሉ ኣብ ቤ/ት ጽሕፈት ዕደና ኣስመራ ይኽፈት።
- ፨ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልቶም ምስ ዘይርከቡ፡ ንዘቐረብዎ መወዳደሪ ሰነዳቶም ተራእዩ ምሉእ ሰነድ ምስ ዝኸወን ክወዳደሩ ይኽእሉ።
- ፨ መጫረቲ ሰነድ ካብ ቤ/ጽ ዕደና ኣስመራ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወሰድ ይከኣል።
- ፨ ተጫረትቲ ቀዳማይ ደረጃ ጠለብ ክቐርቡ ምኳኖም ፈሊጦም ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ዋጋ ክቐርቡ ይግባእ። ካብ ንቡር ወጻኢ ዋጋታት ቅቡል ኣይኮነን።
- ፨ ትካልና ዝኾነ ዓይነት ኣሰቤዛ ንብቕዓቱ ዝምልከት ኣብ ሳይት ምስ ወረደ ከምዝርእዮ፡ ብቕዓቱ ንዘይሓለወ ናብ ኣቕራቢ ከም ዝምለሰን የፍልጥ።
- ፨ ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 185556/57 ክትውከሱ ትኽእሉ።

ኩባንያ ዕደና ኣስመራ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ዕደና ኣስመራ

---

ኣመልካቲ ኣነ መርጌታ ኣፈወርቂ ኣስፍሃ ኣባይ፡ ኣቶ ገብረኪዳን ገብረሚካኤል ደስታ፡ ብዕለት 10/04/2008 ኣብ ሰንዓፈ ዞባ 5 መጠራ ፕሎት B2 ፓርሰል 19 ዝርከብ ስፍሓቱ 435 ት/ሜ ዝኾነ ስለዝሸጠለይ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ምምሕዳር ከተማ ሰንዓፈ ክፍሊ ተክኒክ ቤ/ጽ ካዳስተር ይቐረብ። እንተዘይኮይኑ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ስም ከመሓላልፍ ምኳነይ እሕብር።

መርጌታ ኣፈወርቂ ኣስፍሃ ኣባይ

---

ብስም ሰናይት ሳህለ ጊላይ፡ ኣብ ዓዲ ከበሳ ሳማ ብመወከሲ ቁጽሪ 000487 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 013739 ሎፕት 19 ፓርሰል S ንመንበሪ መዓል ዝተዓደለኒ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፈኣ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07189000 ክሕብረና፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ሰናይት ሳህለ

---

ብስም ኣዴና ነፍ/ሪት ኣበበ ገበየሁ ለማ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁምስክር ወረቐት 109232 መወከሲ ቁ.114978 ዝተመዝገበ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ምም/12 (ን/ዞባ ሰምበል) ጎደና ዱርቁሩሽ ቁ.ገዛ 26 ቁ.ሎታ 69 ቁ.ፓርቸላ 'ኤል' ናይ ዝርከብ ገዛ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፈኣና፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07344913 ክሕብረና፣ እንተዘይ ኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምኳነይ እሕብር።

ኣድያም ተኽለ በርሀ

ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ምንዳይ ሓቂ

## ሻብዓይ ክፋል

"'ጨድዒ' ደኣ ሰራቒ ማለት እዩ። ኩሎም ደቂ ገዛውተይ ድማ ኣነ ከም ዝሰረቕኩዎ እዮም ዝሓስቡ ዘለዉ። ክሳዕ ሰራቒኡ ዘይተፈልጠ ድማ ኣይድቅሰን እዩ፡"

"እንታይ ትብል ወደይ ሓቅኻ እንዲኻ፡ መን እዩኸ ከምኡ በሃሊ፧" ኣደ ናህም ብጉህይ ስምዒት ሓተተት።

ናህም፡ "ኣንቲ ማማ እንታይ ክጠቕመኪ፧ ኩሎም እዮም ከምኡ ዝብሉኒ ዘለዉ፡" ተስፋ ብምቑራጽ ተዛረበ። ንግርማይ ስሙ ከልዕሎ ኣይደለየን።

"ናህም ወደይ እሞ እንታይ እንተገበርና ይሓይሽ፧ እስከ ሓሳብካ ኣካፍለኒ። ምስ ግዜ ግና ሰራቒ ክፍለጥ እዩ፣ ኣይተጨነቕ እዚ ወደይ፡"

"ማማ ሓቅኺ ኣለኺ። እንተኾነ ንሰራቒ ክንረኽቦ እንተ ዘይጽዒርና ብኸመይ ክርከብ ደሊኺ። ንማማ ጉያይ ንሰራቒ ንምርካብ



ክተሓባበራኒ ሓቲተየን ነይረ፣ እንተኾነ ግን ፍቓደኛ ኣይኮናን። ሰራቒ እንረኽበሉ ሓንቲ ነገር ሓሲበ ኣለኹ፣ ብዘይ ናይ ማማ ጉያይ ሓገዝ ግን ኣይትኽውንን እያ።" ናህም ንኣደኡ ብዓይኑ እናኾለለ ተዛረበ።

"እንታይ ክትገብር፧" ኣደ ናህም ሓተተት።

"ማማ ንሱ ናባይ ግደፍዮ፣ ጥራይ ንማማ ጉያይ ኣእምንለይ። ኣነ ሓደ ሓሳብ ሓሲበ ኣለኹ።"

"ሕራይ ንማማ ጉያይ ደኣ እነግረልካ፡" ኣደ ናህም፡ ካብቲ ኮፍ ኢላትሉ ዝነበረት ሳሎን ብድድ በለት።

ናህም፡ "ዓሸ ማማ እዚኣ እንተገይርኪ ሰራቒ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክንረኽቦ ተስፋ ኣሎኒ፡" ብምባል ብሓጎስ ክፍንጫሕ ደለየ።

ኣደ ናህም፡ "ሕራይ ጥራይ ርኸቦ እምበር ኣነ ደኣ ንማማ ጉያይ ሕጂ እነግረን" ኢላ ገዲፋቶ ካብ ገዛ ወጽአት። ድሕሪ ሓሙሸተ ደቒቕ ናብ ገዛ ተመልሰት። ከይተረድኣ እተንብቦ ዝነበረት መጽሓፍ ኣብ ኢዳ ነበረ።

"እሂ ማማ ሓብተይ፡ ማማ ጉያይ እንታይ ኢላትኪ፧" ናህም ካብቲ ኮፍ ኢልዎ ዝነበረ ብድድ ብምባል ሓተተ።

"ናህም ወደይ... ማማ ጉያይ 'ሕራይ' ኢላ ኣላ፡" ኣደ ናህም ተፈሲሃ መለሰትሉ።

"የቐንየለይ ማማ፡ ንማማ ጉያይ የቐንየለይ ኢለያ ክመጽእ፡" ኢሉ ናብ ማማ ጉያይ ከደ። ሕራይ ብምባለን ድማ ኣመስገነን። እታ ዝሓሰባ ንቕዳም ክገብርዋ ተሰማምዑ። ቀዳም ዝመረጸሉ ምኽንያት ኣደታት ናይቲ ገዛውቲ ቀዳም ኩለን ዕዳጋ ስለ ዝኸዳ እቲ ካንሸሎ ጽሙው እዩ። ዝሓለፈ ስርቂ ዝተኻየደሉ መዓልቲ ድማ ቀዳም ነበረ። በዚ ድማ ንቐዳም ወድኡ። ሓሙሰ ብምንባሩ ድማ ንቐዳም ብሃንቀውታ ክጽበያ ጀመረ።

* * *

ቀዳም ኮነ። ኩሎም ደቂ እቲ ገዛውቲ ኮዕሶ ይጻወቱ ነበሩ። ማማ ጉያይ ድማ ኩሎም ደቂ እቲ ገዛውቲ ከም ዝሰምዑ ዓው ኢለን፡ "እዞም ደቀይ በሉ ቀስ ኢልኩም ተጻወቱ፡" ብምባል ሓለፋ። እዚ ድማ ሓደ ካብቲ ስምምዕ ምስ ናህም ዝተገብረ እዩ። ኩሎም ደቂ ገዛውቲ ድማ፡ 'ሕራይ ማማ ጉያይ' ኢሎም ጸወታኦም ቀጸሉ። ከይተረድኦም ድማ ከባቢ ሰዓት 11፡00 ኮነ። ናህም ድማ ከም ሰቡ ውሰን ኢሉ ይጻወት ነበረ።

ማማ ጉያይ፡ ካብ ሹቕ ንሰሙን ዘድልየን ኣሰቤዛ ሸሚተን ተመልሳ። ከም ካልኣይ ስምምዖም ድማ ቅድሚ ገዛ ምእታወን ንናህም ጸውዓያ። ናህም ድማ ብታሕጓስ ናብ ማማ ጉያይ ቀረበ። እቲ ሰራቒ ሎሚ ክርከብ ተመኽዩ። ሓሳብ ልቡ ይሰምረሉዶ ይኸውን፧

"ማማ ጉያይ እንቋዕ ደሓን ተመለስክን፡"

"የቐንየለን! ናህም ወደይ ጸወታ ከመይ ነበረ፧" ማማ ጉያይ፡ ነቲ ናይ ኣርሰናል ማልያ ተኸዲኑ ዝነበረ ሰብኦቱ ብዓይነን ፈተሻኦ።

"ጽቡቕ ነይሩ ማማ ጉያይ፡" ነቲ ተሰኪመንኦ ዝነበራ ዘንቢል ተቐበለን።

ማማ ጉያይ፡ "የቐንየለይ! ብሩኽ ወደይ፡" ብምባል ኣመስገንኦ። መሪሐንኦ ድማ ናብ ገዛአን ሰጉማ። ኣብ ኣፍ ደገ ቈይመን ድማ መፍትሐን ከም ኣመለን ካብታ መስኮት ኣልዓልኣ። እዚኣ'ውን ካልእ ስምምዖም ነበረት። እምበር መፍትሕ ኣብ መስኮት ምግባር ገዲፈንኦ እየን። ማዕጾ ከፈታ።

ናህም ቀዲሙወን ናብ መሬት ጠመተ። ኣብቲ ኣብ መሬት ነሲሰዎ ዝነበረ ድኹም ሓመድ ኣሰር ናይ ጫማ ርኣየ። ብሓጎስ ድማ ገጹ በርሀ።

"ማማ ጉያይ ርኢኽን ሎሚ'ውን ሓደ ሰብ ኣብዚ ገዛ ኣትዩ ነይሩ። ኣብዚ መሬት ዘሎ ኣሰር ጫማ ርኣይኦ፡" ናብቲ ኣብ መሬት ዝነበረ ኣሰር ናይ ጫማ ኣመልከተለን።

"ሓቅኻ ኣታ ናህም ወደይ፡ መን ደኣ ይኸውን፧" ንሰን'ውን ሰራቒ መን ምዃኑ ክፈልጣ ተሃንጠያ።

ናህም፡ "እንድዒ ሕጂ ብሓባር ክንርእዮ ኢና። መን ምዃኑ ንምፍላጥ ደቂ ገዛውትና ጸዊዐዮም ክመጽእ እየ፡" ብምባል ናብቲ ደቂ ገዛውቱ ዝጻወቱሉ ዝነበሩ ጉልጉል ከደ። ኣብ ጥቓ እቲ ሜዳ ምስ በጽሐ ከኣ፡ "ሃብተ፡ መሓመድ፡ ግርማይ፡ ኩልኹም ማማ ጉያይ ይጽውዓኹም ኣለዋ፡" ኢልዎም መሪሕዎም ናብ እንዳ ማማ ጉያይ ጉየየ። ኩሎም ድማ ኣብ እንዳ ማማ ጉያይ ተኣከቡ።

ይቕጽል...

# ዕላል ምስ ሃብሮም



### ምስ ገዛእ ርእስኺ ኩተላልይና፧

ስመይ ቤትኤል ዳዊት ይብሃል። ካብ ኣቦይ ዶክተር ዳዊት እስቲፋኖስ ኣደይ ሰናይት ኢሳቕ ዕለት 18/12/2010 ዓ.ም ተወሊደ። 1ይ ዓመት፡ ኣብ እንዳ ደናግል፡ ካፑቺኒ፡ ጊንዳዕ፡ 2ይ ዓመት ቅድመ ትምህርቲ ኣብ ወርሒዝ ኣብ ኣስመራ ተማሂረ።

1ይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማይ ወላኹ፡ ካብ 2ይ ክፍሊ ክሳዕ 8ይ ክፍሊ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓወት መባእታን ማእከላይ ደረጃን ተማሂረ።

### ኣብ ትምህርቲ ከመይ ዓይነት ተማሃሪት ኢኺ፧

ኣብ ትምህርቲ ኣዝየ ግድስቲ እየ። ኣብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ክፍሊ ምስ ብሉጻት ዓሰርተ ተመሃሮ ነይረ። ካብ ራብዓይ ንደሓር ግና ምስ ብሉጻት ሰለስተ ተመሃሮ እናወጻኹ ትምህርተይ ተኸታቲለ። ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 97% ብምምጻእ ናብ ታሽዓይ ክፍሊ ሓሊፈ ኣለኹ።

### ተንብቢዶ ክንደይ ዝኣክል መጻሕፍቲ ኣንቢብኪ ኣለኺ፧

እወ ኣንባቢት እየ። ክሳብ ሕጂ ብሓርፋፍ ገምጋም ከባቢ 83 መጽሓፍቲ ኣንቢበ ኣለኹ። ዝበዝሐ ዘንበብኩዎ ናይ ቈልዑ መጽሓፍቲ እዩ። ብፍላይ እንግሊዝ ብብዝሒ ኣንብብ። ተወሳኺ ዳየሪ ምጽሓፍ ባህ ይብለኒ። ክሳዕ ሕጂ ናይ ሰለስተ ዓመት ዝጸሓፍኩዎ ዳየሪ ኣለኒ። እዚ ድማ ናይ ምጽሓፍ ተውህቦይ ኣዕቢዩዎ እዩ።

### መጽሓፍ ተርጒምኪ ኣለኺ፡ ንትቕጥዮ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ወሲዱልኪ፧ ትሕዝቶኣ'ኸ እንታይ'ዩ፧

እዛ ዝተርጎምኩዋ መጽሓፍ ማለት 'ሰራቒት ሽታ' ካብ ናይ እንግሊዝ መጽሓፍ (The Smell Thief) እትብል መጽሓፍ ዝተተርጎመት እያ። ምስ ኣንቢበኩዋ ኣዝያ መሲጣትኒ፣ ካልኦት ተመሃሮ ብቛንቋ ትግርኛ ንኸንብብዋ ድማ ክትርጉማ ጀሚረ። ነዛ መጽሓፍ ጀሚረ ክሳዕ ዘሕትማ ከባቢ ሓደ ዓመት ወሲዳትለይ። ትሕዝቶኣ ናይ ሓንቲ ድኻ ሰበይትን ስሱዕ እንዳ ሕብስቲ ዘለዎ ሰብኣይን ኮይና፡ ስስዐ ናይቲ ብዓል እንዳ ሕብስቲ ትገልጽ።

### እዛ መጽሓፍ ንተማሃሮ እንታይ ትጠቕሞም፧

መጀመርታ ናይ ንባብ ክእለቶም ንኸዕቢ ትሕግዞም። ተወሳኺ ኣብ ህይወትና ቅኑዓት ንኽንከውን ከምኡ'ውን ከምዚ ናተይ ንኽጽሕፉ ትድርኾም።

### ነዛ መጽሓፍ ክትትርጉሚ እንከለኺ እንታይ ይኸብደኪ ነይሩ፧




ነዛ መጽሓፍ ክትርጉማ እንከለኹ ብዙሕ'ኳ ኣይኮነን እምበር ገለ ቃላት ናይ እንግሊዝ ኣበሃህላኦም ይኸብደኒ ነይሩ። ብሓፈሻ ግን ኣብቲ ሓሳብ ኣተኩረ ስለ ዝተርጎምኩዋ ብዙሕ ኣይተሸገርኩን።

### ንባብ፡ ምትርጓምን ትምህርትን ከመይ ተሳንይዮ ነይርኪ፧

ነዛ መጽሓፍ ክትርጉም እንከለኹ ኣብ ትርፊ ግዜ እየ ዝትርጉማ ነይረ። መጽሓፍ ድማ ኩሉ ግዜ ኣብ ኢደይ ኣሎ። ስለዚ፡ ግዜ ክረክብ ከለኹ ኣንብብ። ኣብ ትምህርተይ ከይሓምቕ ናጻ ግዜ ኣብ ዝረኽበሉ ነዛ መጽሓፍ እትርጉም ነይረ። ብኸምኡ እያ ድማ ሓደ ዓመት ወሲዳትለይ።

### ተማሃሮ ከምዚ ናትኪ ንኽበርክቱ እንታይ ትላበውዮም፧

ኣነ መጽሓፍ ክትርጉም ዝተበገስኩሉ ብቅዱስ ቅንኢ እዩ። ምኽንያቱ፡ ካልኦት ተመሃሮ መጽሓፍ ዝተርጎሙ ኣለዉ። ስለዚ ተመሃሮ ጽቡቕ ስራሕ ክሰርሑ እንከለዉ ቅዱስ ቅንኢ ክቐንኡ ኣለዎም እብል። ተስፋ ከይቈረጹ ድማ ንኽዕወቱ ክሰርሑ ኣለዎም እብል።

### ካብ ናይ ሃገርና መጽሓፍቲ እትፈትውያ መጽሓፍ፧

ካብ ናይ ሃገርና መጽሓፍቲ ኣዝየ ዘድንቓ መጽሓፍ 'መጽሓፍ ጊታኖ' እያ። ብዙሕ ግዜ ኣንቢበያ ኣለኹ።

### ኣብ ጽሑፍ ናይ መጻኢ መደባትኪ ከመይ ይመስል፧

መጀመርታ ካብ መጽሓፍቲ ብዙሕ ትምህርቲ ስለ ዝርከብ ከንብብ መደብ ኣለኒ። በዛ ተርጒመያ ዘለኹ መጽሓፍ ከይተዛነኹ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ብቛንቋ እንግሊዝ ሓንቲ መጽሓፍ ከሕትም ተስፋ እገብር።

### ኣብዛ መጽሓፍ ዝሓገዙኺ ከተመስግኒ ዕድል ክህበኪ፧

መጀመርታ ንኣቦይን ኣደይን ብልቢ ኣመስግኖም፣ ምኽንያቱ እዛ መጽሓፍ ብሳላ ናቶም ሓገዝ እያ ተሓቲማ። ንኣሕዋተይ ብፍላይ ስእሊ ዘስኣለትለይ ብሌን ሓብተይ ኣዝየ ኣመስግና፡ መም/ ራሄል ኣስገዶም፡ መም/ ፈሪሓ ኣሕመድ፡ መምህር ያቆብ መርሃዊ፡ ንመምህራን ተመሃሮን ቤት ትምህርቲ ዓወትን ንመሓዙተይን ኣዝየ ኣመስግኖም።

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ማዕረ ክፍሊት፡ ንማዕረ ስራሕ

ሚርያም ዮሴፍ

ሎሚ ኣብ ዓለምና ብሓይሊ ቴክኖሎጂ ተሰንዩ ዝዓቢ ዘሎ ሞያታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ኣብ ብዙሕ ሞያታት ተዋፊሩ ዘሎ ዓቕሚ ሰብ ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበረኸ ኣብ ዝመጻሉ ዘሎ፡ ቅልጡፍ ናይ ምዕባለ ዘመን ኢና ዘሎና። ደቂ ኣንስትዮ'ውን ብተመሳሳሊ ካብቲ ኣብ ዝተወሰነ ሞያታት ጥራይ ዝሕጸር ዝነበረ ተራኦን ብምውጻእ፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ ዓውድታት ተዋፊረን ብዝተፈላለየ ደረጃታት ክእለት ይሰርሓ ኣለዋ። ወጽኢት ናይ ስራሕ ወይ ሽቕለት፡ በቲ ኣብቲ ሞያ ኣእዋኑ እተጥርዮ ክእለትን ኣብቲ ሞያ እንድልዮ ዕቤትን ዝፀግዝን እዩ። ማዕረ ማዕሩ ድማ፡ ከም ወጽኢት ናይቲ ጻማ ስራሕና ኮይኑ ዝኽፈል ደሞዝን ኣብ ቁጠባዊ ዕቤትና ዝህልዎ እወታዊ ጽልዋን ይዕቀን።

እንተኾነ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብዝተፈላለየ መልክዑ ዝረአ፡ ኣብ ጾታ ምርኩስ ዝገበረ ዘይምዕሩይ ክፍሊት (Gender Pay Gap)፡ ሓደ ካብቲ ብዓለም ደረጃ ማሕበራውን ቁጠባውን ፅንቅፋት ዝፈጥር ዘሎ ዓብዩ ተርእዮ እዩ። እዚ ጉዳይ ሕቶ ምዕሩይነት ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምስ ቁጠባዊ ዕቤት፡ ማሕበራዊ ድሕነትን መሰረታዊ መሰል ደቂ ኣንስትዮን ብቐጥታ ዝተኣሳሰር'ውን እዩ።

ዘይምዕሩይ ክፍሊት ማለት፡ ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ዝሰርሑ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዘሎ ናይ ደሞዝ ፍልልይ ኮይኑ፡ ዝበዝሐ እዋን ደቂ ኣንስትዮ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዝውሓደ ደሞዝ ክኽፈላ ከለዋ ዝርአ ፍልልያት እዩ። እዚ ፍልልያት እዚ ኣብ ክልተ መዳያት ተኸፊሉ ይርአ። እቲ ቀዳማይ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣብ ናይ ደሞዝ ፍልልይ፡ ናይ ስራሕ ዓይነት፡ ናይ ትምህርቲ ደረጃታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ስራሕ ልምዲ ዘሎ መሰረታዊ ፍልልያት ከይተጸንዐን ብጠቕላላ ከይጸብጠን ዝስዕብ ደሞዝ ኮይኑ፡ ከም ወጽኢቱ ድማ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ናይ ደሞዝ ፍልልያት ይርአ።

እቲ ካልኣይ ግን ብኣንጻር እዚ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ተመሳሳሊ ናይ ትምህርቲ ደረጃ፡ ዓይነትን ተመክሮን ስራሕ፡ ከምኡ'ውን ተመሳሳሊ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ዘለዎም ሰራሕተኛታት ዝፀገር ምኽኑይን ጾታ ጥራይ ማእከል ዝገበረን ናይ ክፍሊት ፍልልያት እዩ። እዚ ፍልልይ ድማ፡ እቲ ኣብ መዳይ ክፍሊት ደሞዝ ዝርአ ዝዓበየ ናይ ኣድልዎ መግለጺ እዩ።

እዚ ፍልልያት እዚ መሰረቱ ካብቲ ልምዳዊ ኣጠማምታታት ናይ ሕብረተሰብን ዝዘበነ ድሒሩ ድማ ኣብ ዘመነ ኢንዱስትሪያዊ ሰውራታት መመሊሱ ዝተጋህደ እዩ። ቀደም እዋን ደቂ ኣንስትዮ ዝሰርሓሉ ሞያታት ብልምዲ ኣብ ዘቤታዊ መዳይ ዝተሓጸረ ብምዃኑ፡ ብገንዘብ ዝትመን ዋጋ ወይ ክብሪ ይወሃቦ ኣይነበረን። ኣብ እዋን ቀዳማይን ካልኣይን ኲናት ዓለም፡ ብርክት ዝበላ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ተቖጺረን ኣብ ብዙሕ ሞያታት ክሰርሓ ኣብ ዝጀመራሉ እዋን'ውን፡ በቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ታሪኻዊ ኣተሓሳስባ ተደጊፉ፡ ዝውሓደ መጠን ደሞዝ ዝኽፈላሉ ዝበራ ግዜ እዩ።

ካብ 1960ታት ንደሓር፡ ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ናይ ስራሕ ዕድላት ክዋደዳ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ዝፃገር ኣድልዎ ናይ ስራሕን ደሞዝን ድማ ክእለ በቲ ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበረ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ምንቅስቓሳት፡ ሓያል ቃልሲ ተኻይዱሉ እዩ። ከም ወጽኢቱ'ውን ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ናብ ዝተፈላለየ ሞያታትን ዓውድታትን ክጽንበራ ዕድል ረኺበን እየን። እንተኾነ፡ እዚ ሕቶ እዚ ክሳብ ሕጂ ጠቕሊሉ ዘይተፈትሐን ብዓለም ደረጃ'ውን ዝ መፍትሒ ዘይተረኸቦን ሕቶ ኮይኑ ቀጺሉ እዩ።

ብዙሓት ሃገራት፡ "ማዕረ ክፍሊት ንማዕረ ስራሕ" ዝብሉ ኣዋጃትን ሕግታትን ኣለወን። ኣብ ትግባረ ግን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ከተዓናቕፉ ይረኣይ እዩ። ሓደ ካብቲ ምኽንያት ኮይኑ ዝቐርብ፡ ደቂ ኣንስትዮ ዘለወን ተደራቢ ዘቤታዊ ዕማማት እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ካብ ስራሕ ወጻኢ ኣብ ኣልያ ቆልዑን ዘቤታዊ ስራሕን ዝሕልፍኦ ግዜ፡ ነቲ ምዱብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ይሻመዎ እዩ ብዝበል ምኽንያት፡ ካብዮም ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ዝሰርሑ ደቂ ተባዕትዮ ዝተሓተ መጠን ደሞዝ ይረኽባ፡ ብተወሳኺ፡ ደቂ ኣንስትዮ ብሰንኪ ናይ ጥንሰን ወሊድን ኩነታት ካብቲ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ ዝእለያሉ እዋን ኑቲ ብሰንኪ ከምዚ ዝኣመሰለ ብኸረት ኣብቲ ትካል ኪጋጥም ትጸቢት ዝገበረሉ ክሳራታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ መጠን ደሞዝ ናይተን ሰራሕተኛታት ምጉካይ ከም ዝህሉ ዝድንግግ ኣሰራርሓታት ዘተኣታትዋ ትካላት ኣለዋ። ካብዚ ሓሊፉ'ውን ትካላት ኣቐዲመን ኣብ ከምዚ ዓይነት ሓሸውየ ንኸይኣትዋ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ምቑጻር ዘይመርጻ ትካላት ውሑዳት ኣይኮናን።

ካብዚ ብዘይፍሉ ሓደ ካብቲ ጠንቂ ፍልልይ ኮይኑ ዝቐርብ ምኽንያት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቦታ ስራሕ ዘለወን ባህርያት እዩ። ጆርዳን ፒተርሰን ዝተባህለ ፍሉጥ ጸሓፍን ክኢላ ክሊኒካዊ ስነ ልቦናን ኺ. ኣመልከቲ ኣብ ዝሀቦ መብርሂ፡ "ደቂ ኣንስትዮ ብተፈጥሮ ልምሉማ፡ ልዙብ፡ ሕሩይ ዝበል ባህርያት ዘውንና እየን። ምስ ትካላዊ ባህሊ ብቐሊሉ ዝለማመዳ ኑቲ ስራሕ ዝበድህ ሓደስቲ ሓሳባት ካብ ምምጻእ ድማ ምስቲ ዘሎ ሃዋህው ርጊመን ክኸዳ ዝመርጻ ዓይነት ሰራሕተኛት እየን" ብምባል እዩ ዝገልጾን። እዚ ግን ብዓይኒ ናይቶም ኣሰራሕቲ፡ ብጽወታ ዝርአ ባህሪ ኣይኮነን። ኣብ መዳይ ስራሕ፡ ብሰንኪ ከምዚ ዝበለ ባህርያት ካብቲ ትካል ክርከብ ዝኽእል ልዑል መጠን መኽሰብን ብቕዓትን ኣይተነጸሐን። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብዘለወን ተፈጥሮኣዊ ባህሪ፡ ኺ. ኣብ ሓደ ትካል ዘጋጥም ሃጓፍ ተራኦን ይጻወታ እየን ብምባል ይድምድም። ካብዚ እምነት ብምብጋስ፡ ኣብ ሓደ ትካልን ዓይነት ስራሕን ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብዘለዎም ብቕዓት ዘይኮነ፡ ኣብ ጾታ ምርኩስ ዝገበረ ናይ ደሞዝ ፍልልይ ክህሉዎም ምኽኑይ ኮይኑ ይቐርብ። እቲ ካልእ ምኽንያት፡ ምፍልላይ ናይቲ ኣብ ሓደ ተመሳሳሊ ዓውዲ ዝሰርሕ ንኡሳን ዓውድታት ወይ (Occupational Segregation) ኮይኑ፡ ንናይ ደሞዝ ፍልልያት መለሰም ካብ ዘራጉዱ ኣበጋታት እዩ።

ንኣብነት፡ ኣብዘን ከም ብዓል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝኣመሰላ ዝማዕበላ ዝበዛላ ሃገራት ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኣታዊታት ናይተን ኣብ ምሉእ ናይ ስራሕ ሰዓታት (full time job) ዝሰርሓ ደቂ ኣንስትዮ፡ ምስ ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ ዘለዉ ደቂ ተባዕትዮ ክነጻጸር ከሎ፡ ደቂ ኣንስትዮ 80% ኣታዊ ጥራይ ይህልወን። እዚ ማለት ድማ፡ ብሰንኪ እቲ ኣብ ተመሳሳሊ ጸፍሕን ስራሕን ዘለዉ ሰራሕተኛታት ዘሎ ናይ 20% ናይ ደሞዝ ፍልልያት፡ ኣብ ዓመት ብደረጃ ሃገር ናይ ኣሰታት $800 ቢልዮን ዶላር ፍልልይ ከም ዝህሉ ይገብር። እቲ ከምዚ ዓይነት ኣድልዎ፡ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት፡ ርትዓውን ምኽንያታውን ምኽኑ ንምእማን ድማ፡ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ብዙሕ ነጥብታት ይቐርብ። ኺ. ዝደርዕ ካልእ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ'ውን፡ ደቂ ኣንስትዮ ናይታ ሃገር ዘለወን ኩነታት ሽቕለትን ደሞዝን ብዓሌት ወይ'ውን ብዜግነት፡ ዓይነትን ቦታን ስራሕ ዝጽሎ እኳ እንተኾነ፡ እቲ 38% ግን ካልእ ምኽንያት ዘይብሉ፡ ጾታ ጥራይ መጠኒ ዝገበረን ደርቢ መዐሪ ዘለዎን ምኻኑ ይንገር።

ዘይምዕሩይ ናይ ደሞዝ ክፍሊት ኣብ ገለ ሃገራትን ልምድታትን'ውን ብዘኸፍኦ መልክዑ ይትግበር እዩ። ደቂ ተባዕትዮ፡ ብዘለዎም ሰድራ ናይ ምንባይ ሓላፍነት ዝጠዙሉ ኣታዊታት ክህልዎም ዝኡበር ናይ ኣሰራሕቲ ኣተሓሕዛ ናብ ዚየዳ ፍልልያት ይዕድም።

እዚ ኣብ ብዙሕ ሃገራት ኹና መፍትሒ ዘይተረኽቦ ጉዳይ ኮይኑ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ክዉንነት ምርኣይ ድማ ደረጃና ኣብ ምንጻጻር ሓጊዚ እዩ። ኣብ 2001 ዝወጸ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ 118፡ ንመሰል ዕዮ፡ ማዕረ ናይ ስራሕ ዕድል፡ ማዕረ ደሞዝ፡ ከምኡ'ውን መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ጥንሰን ሕርስን ዘደንፍዕ ኣዋጅ እዩ። ብመሰረት ኣብዚ ፖሊሲታት'ዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ነጥብታት ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዝተሓዝአ ንደቂ ኣንስትዮ ዘይምዕሉ ናይ ስራሕ ባይታ ከም ዘይህሉ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ድማ ጾታ ዝመጠረሉ ኣድልዎ ከህሉ ከም ዘይምዕኑን ብጽኑዕ ይድንግግ። ከም መርኣያ ናይዚ ድማ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ዝተፈላለየ ጽሒታት ተዋፊረን ናይ ዝሰርሓ ብዙሐ ደቂ ኣንስትዮ ብዘሕሉ ኣሃዛዊ ቁጽሪ ይወሰኽ እዩ። ማዕረ ደሞዝ ንማዕረ ስራሕ፡ ኣብዘን ንዝጠዙለ ዓያዩ ዓቕሚ ናይ ሃገር ሓቅፊን ዘለዋ መንግስታውያን ትካላት ሃገርና፡ ከም ሕቶ'ውን ዝለዓል ኣይኮነን።

ኣብዘን ሰራሕተኛታት ብውልቂ ዝቖጽራ ትካላት'ውን እዚ ንቕሓት እዚ ኣብ ዝጠዙለ ደረጃን ኣሎ። ኣብ ገለ ድማ ኹና ስራሕ ዘድልዮ መዳያት ኣለዉ። ኣብ ጉዳይ ደሞዝ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ምቕራብ ማዕረ ናይ ስራሕ ዕድላት'ውን ተመሳሳሊ ንቕሓት ዝዓቢ ተርእዮታት ኣሎ።

ንኣብነት፡ ኣብ ብዙሕ ትካላት፡ "ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ" ወይ "ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ" ዝብል ሓበሬታታት ተለጢፉ ንርኢ ኢና። ኣብቲ ዝርዝር ሓበሬታ፡ እቲ ትካል ደልዩዎ ዘሎ ረቛሒታት፡ ማለት እቲ ስራሕ ዝጠልቦ ዓይነት ክእለታት፡ ተመክሮ ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ፡ ደረጃ ትምህርቲ፡ ኩነታት ደሞዝ ወዘተ ኣቐሚጡ ንውድድር ክፉት ይገብር። ኣብዚ ዝርዝራት እዚ፡ እቲ ትካል ዝደልዮ ጾታ፡ ማለት ንወዲ ተባዕታይ ወይ ንጓል ኣንስተይቲ ዝብል ረቛሒ ምስ ዘእቱ ግን፡ እቲ ናይ ስራሕ ጸወዒት ውዱቕ ይኸውን። ምኽንያቱ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ፡ ዝኾነ ኣሰራሒ ኣብ ጾታ፡ ዓሌት፡ ብሄር፡ ቋንቋ፡ ሃይማኖት፡ ኩነታት መርዓ፡ ጥንሲ፡ ማሕበራዊ ቁጠባዊ ኩነታት ምርኩስ ብምግባር ስራሕ ክቖጽር ብሕጊ ፍቑድ ኣይኮነን። ሕጊ ምፍላጥ ኣብ ምሕያል ትግባረታት ዘለዎ ሓይሊ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ፍልልያት ንቕሓትና ንሕበርኽን ኣብ ትካላትና ብሓፈሻ ኣብ ናይ ግሊ ትካላት ከኣ ብፍላይ ዘሎ መረዳእታ ንኽንዕቢ ብዙሕ ምስራሕ የድሊ።

እዚ፡ ኣብ ብዙሓት ምዕቡላት ሃገራት ከይተረፈ ኹና ብምልኣት ዘይተበጽሐን ኣከራኻሪን ዝኾነ ጉዳይ እምበኣር፡ ሓደ ካብቶም ኣብዚ እዋንዚ ብዓለም ደረጃ መልሲ ዝደልዩ ሕቶታት እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽሒታት ብዓቕመን ክውዳደራ፡ ማዕረ እቲ ዝሰርሕኦ ድማ ክኽፈላ ከለዋ፡ ኣብ ቁጠባዊ ዓቕመን ዝህልዎ ተራ ልዑል እዩ። ኣብ ኩነታት ስድራቤታት ምስ እንርኢ'ውን፡ ሎሚ ብዓለም ደረጃ ብሓፈሻ፡ ኣብዘን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ድማ ብፍላይ፡ ብዙሓት ስድራቤታት ብደቂ ኣንስትዮ ዝእለያ እየን። ስለዚ፡ ጾታ ማእከል ዝገበረ ናይ ስራሕ ፍልልያትን ደሞዝን ኑተን ከምዚኣን ዝኣመሰላ ስድራቤታት ተደራቢ ቁጠባዊ ተጽዕኖ ዝፈጥር እዩ።

እዚ ኣብዘን ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ምሉእ ሕብረተሰብ ዘለዎ ኣሉታዊ ጽልዋ'ውን ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ሓደ ሃገር ዘሎ ዓቕምን ክእለትን ናይ ኩሉ ዜጋ ብምዕሩይ ኣገባብ ኣብ ጥቕሚ ምስ ዘይውዕል፡ ንሃገራዊ ቁጠባዊ ዕቤት ናይታ ሃገር'ውን ዝዕንቅፍ ሓደጋ እዩ። ኺ. ከምዚ ዓይነት ተርእዮታት ዝኽልክሉ ሕግታትን ኣዋጃትን መሰረታውያን እኳ እንተኾኑ፡ ንበይኖም ግን ኣኻልቲ ኣይኮኑን። ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ምምዕባል፡ ንደቂ ኣንስትዮ ዝዕድ ተጽዕኖ ዝፈጥሩ ተርእዮታት ምፍታሕን ናይ ፖሊሲ ትግበረታት ዝሕይሉ ሜላታት ምፍጣርን ኣድላዪ እዩ። ምኽንያቱ፡ ደቀ ኣንስትዮ ብቑጠባዊ ሓይሊ እንተደአ ጎልቢተን፡ ዕቤተን ንምሉእ ሕብረተሰብ ዘርብሕ ስለ ዝኾነ።





### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቆልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | መደብ ዋዕላ ሚ/ሪ ሕርሻ |
| 11:00 | ለስ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሱዳናዊት ፊልም ትም ምባል ስለ ዝመረጸ (ድግግ) 2ይ ክፋል |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ ዋዕላ ሚ/ሪ ሕርሻ |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ዋዕላ ሚ/ሪ ሕርሻ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ውድድራት ሻምፒዮን ክለባት ኤርትራ ቀጺሉ

### ኣዱሊስ፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ንደንደን ኣድኒናታ

ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ፥ ትማሊ ዓርቢ ብ21 ነሓሰ ብሰለስተ ግጥማት ናይ ካልኣይቲ ምድብ ኣብ ስታድዩም ከተማ ከረን ቀጺሉ፡፡

ፈለማ ክለባት ዞባ ማእከልን ኣጥዕየን ዝፋለጣን ደንደንን ኣዱሊስን እዮን ገጢመን፡፡ ነዚ ውድድር ክትዕወተሉ ካብ ዝተገመታ ክለባት ሓንቲ ዝኾነት ደንደን ኣብ ሓሙሻይቲ ደቒቕ ካብ ሚሮን ኣለም ቅልጥፍቲ ሽቶ ብምምዝጋብ መሪሕነት ሒዛ፡፡ እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 43 ደቒቕ ካብ ሴም መሓሪ ሽቶ ወሲኻ፡ 2ብ0 መሪሓ፣ ጸወታ'ውን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ብምእታው ዝበዝሐ ናይ ዓወት ማእታዊት ሒዛ ነይራ፡፡

ይኹን እምበር፡ ኣዱሊስ፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ቀዳማይ እብረ (46 ደቒቕ) ካብ ኣቤል ወልደየሱስ ወጽኢት ዘጸበበ ሽቶ ረኺባ፡ ናብ ዕረፍቲ 2ብ1 ወጺኣን፡፡

ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ኣዱሊስ እያ ዝያዳ ረቢሓ፡፡ ኣቤል፡ ወጽኢት ዘመዓራረየት ሽቶ ኣብ መበል 57 ደቒቕ ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ሳምሶም ተኽስተ ድማ፡ ኣብ መበል 70 ደቒቕ መሪሕነት ዘትሓዘየም ሽቶ ኣቑጺሩ፡፡ ደንደን ወጽኢት ክትቅይሮ ዓቕሚ ኣይነበራን፡ ኣዱሊስ፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 3ብ2 ተዓዊታ፡፡ ኣጥቃዓይ ኣቤል ወልደየሱስ ድማ፡ ብሉጽ ናይቲ ጸወታ ተባሂሉ፡፡



ተጻዋታይ ኣዱሊስ - ኣቤል ወልደየሱስ

ግጥም ዓንሰባን ሰንዓፈን ሰዒቡ ተሰላሲሉ፡፡ ሰንዓፈ፡ ኣብ መበል 14 ደቒቕ ካብ ሰምኦን ሰመረ ብዝረኸበታ ሽቶ መሪሕነት ሒዛ፡፡ ኣብ ቦታኣ እትጻወት ዘላ ዓንሰባ፡ ሓላሊፉ ፈተነኣ እንተኣካየደት፡ ክሰልጣ ኣይከኣለን፡ ብሓላው ልዳት ሰንዓፈ መኺናን፡፡



ሓላዊ ልዳት ሰንዓፈ - ተመስገን መብራህቱ

ሰንዓፈ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ'ውን ኣብ መበል 58 ደቒቕ ካብ ሙሴ ተኽለኣብ ብዘመስከረታ ሽቶ፡ 2ብ0 ተዓዊታ፡፡ ሓላዊ ልዳታ ተመስገን መብራህቱ ድማ ብሉጽ ናይቲ ግጥም ተጻዊዑ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ኣልሂላልን ሰሚንቶን 1ብ1 ተፈላልየን፡፡ ኣልሂላል፡ ኣብ መበል 93 ደቒቕ ካብ ሳሙኤል ጎይትኦም፡ ሰሚንቶ ከኣ፡ ድሕሪ ሓንቲ ደቒቕ ካብ መሓመድ መሳ ሽቶታት ኣመዝጊበን፡፡

ሃብቶም ኣብርሃ ካብ ሰሚንቶ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተጻዊዑ፡፡

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ብጸወታ ናይ ምድብ 'ሀ' ክቕጽል እዩ፡፡ ኣልነስር ምስ ሳሳ፡ ኣልታሕረር ምስ ደንካልያ ከምኡ'ውን ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኣቑርደት ክገጥማ እየን፡፡

---

## ሄኖክ፡ እቲ እንኮ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ኣብ ዙር ስጳኛ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ኣስታና - ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ቀዳም 22 ነሓሰ ኣብ ዝፍለም ዙር ስጳኛ ክወዳደር ምዃኑ ይፍለጥ፡፡

እዚ ኩሉ ብቕዓት ዝማልአ (All Round) ተቐዳዳማይ ምዃኑ ዝገለጸ መንእሰይ፡ ኣብዚ ናይ ግራንድ ቱር ውድድር ክሳተፍ ንመጀመርያኡ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓመት ብፍላይ፡ ብሓፈሻ ከኣ ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ከርእዮ ብዝጸንሐ ብሉጽ ቁመና፡ ሓደ ካብቶም ሓያሎት ተኸመትቲ ተቐዳደምቲ ኮይኑ ኣሎ፡፡

ሄኖክ፡ እንኮ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ናይዚ ውድድር'ውን እዩ፣ ክንጽፎ ከሎ፡ እቲ 'እንኮ ኣፍሪቃዊ' ተቐዳዳማይ እዩ፡፡

ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ፡ ቢንያም ግርማይ፡ እቲ እንኮ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ኣብ ዙር ፈረንሳ ምንባሩ ይዝከር፡፡

እዚ ማለት፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ፡ ኣብቶም ዝዓበዩ መድረኽ ቅድድም ብሽክሊታ፡ ክሽዑ ንኤርትራ ንኣህጉር ኣፍሪቃ'ውን ኩርዓት ኮይኖም ምህላዎም እዩ፡፡



**ጽቡቕ ዕድል ንሄኖክ!**

---

## ኩዕሶ መርበብ - ጎዳይፍ፡ ዕዳጋ ሓሙስ፡ ኣባሻውል ካልኣይ ተኸታታሊ ዓወት ኣመዝጊበን

ካልኣይ ሰሙኑ ኣቑጺሩ ዘሎ ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፡ ብቕድሚ ትማሊ ብኣርባዕተ ጸወታታት ቀጺሉ ነይሩ፡፡

ኣብ ፋልማይ ጸወታአን ዓወት ዘመዝገባ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ጎዳይፍን በሪኽን ኣብ ካልኣይ ጸወታአን ንሓድሕደን ተራኺበን፡፡ ጎዳይፍ ድማ፡ ኣብ ክልተ እብረ 25ብ17 25ብ16 ብምስዓር፡ ብድምር 2ብ0 ተዓዊታ ንካልኣይ ግዜ ዓወት ኣመዝጊባ፡፡

ኣብ ዕድመ 14ን 15ን ደቂ ተባዕትዮ፡ ዕዳጋ ሓሙስን ኣርባዕተ ኣስመራን ሚዛናዊ ጸወታ ኣርእየን፡፡ ኣብ ፈላመይቲ ሴት፡ ዕዳጋ ሓሙስ 25ብ14 ክትዛዘማ እንከላ፡ ኣብ ዝሰዓበት ጸወታ ኣርባዕተ ኣስመራ ብጸቢብ 25ብ23 ብምስዓር ንወጽኢት ናብ 1ብ1 ቀይራቶ፡፡ ኣብ ሳልሰይትን መፈላለይትን እብረ ድማ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ብገፊሕ 15ብ3 ብምስዓር 2ብ1 ተዓዊታ፡፡

ኣብ ዕድመ 16ን 17ን ደቂ ተባዕትዮ፡ በሪኽ ምስታ ኣቐዲማ ኣብ ልዕሊ ኣኽርያ ሰሓቢ ጸወታ ዘርኣየት ኣባሻውል ተራኺባ፡፡ ኣብ ቀዳመይቲ እብረ ኣባሻውል 25ብ19 ክትውድኣ እንከላ፡ ኣብ ዝሰዓበት እብረ ግን በሪኽ ጽቡቕ ጸወታ ኣንጸባሪቃ ጸወታ ማዕረ ንምግባር ናብ ምዝዛም በጺሓ እኳ እንተነበረት ብሰንኪ ንኣሽቱ ጉድለታት ካብ ምዕዋት ተዓንቂጻ፡፡ መዛናኣ ኣባሻውል ከኣ፡ 29ብ27 ብምስዓር ብድምር ወጽኢት 2ብ0 ተዓዊታ ንካልኣይ ግዜኣ ዓወት ሰኒዳ፡፡

ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ዕዳጋ ሓሙስን ኣርባዕተ ኣስመራን ዘራኸበ ግጥም፡ ዕዳጋ ሓሙስ ዓብላላ ብምቕራብ ነታ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ጸወታኣ ንጎዳይፍ ዝሰዓረት ኣርባዕተ ኣስመራ ኣኪታቲላ 25ብ14 25ብ18 ብምስዓራ ኣሰር ኣባሻውል ካልኣይ ዓወት ኣመዝጊባ፡፡

እዚ ውድድር ሎሚ ቀዳም ብኣርባዕተ ግጥማት ክቕጽል እዩ፡፡ በዚ መሰረት ዕድመ 14ን 15ን ደቂ ተባዕትዮ ገጀረትን በሪኽን ደቂ ኣንስትዮ በሪኽን ገዛ ባንዳን ከምኡ'ውን ኣብ ዕድመ 16ን 17ን ደቂ ተባዕትዮ በሪኽን ገጀረትን ማይ ተመናይን ኣባሻውልን ክጻወታ እየን፡፡

---

## ዜና ብሓጺሩ

- **ቪላ፡ ንዋን ቢሳካ ኣፈሪማቶ**




ኣስቶን ቪላ ንናይ የማን ክንፊ ተኸላኻሊ ክሉብ ዌስት ሃም - ኣሮን ዋን ቢሳካ፡ ነዚ ዓመት ስፖርት ተለቂሓቶ፡፡

ቪላ ንቢሳካ ዝመጽእ ክረምቲ ክትገዝኦ ዘገድዳ ገለ ኩነታዊ ስምምዕ ኣለዋ፡፡

ኣብ ክረምቲ 2024 ካብ ማን ዩናይትድ ናብ ዌስት ሃም ዝተሰጋገረ ቢሳኮ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ምስ ክለቡ ካብ ካልኣይ ዲቪዥን ምውራዱ ይፍለጥ፡፡ ኣብቲ ሊግ ዝኾነ ጸወታ ከየካየደ ድማ፡ ደጊሙ ናብ ፕሪመር ሊግ ተመሊሱ ኣሎ፡፡

- **ፓላስ፡ ንዲሳሲ ኣፈሪማቶ**

እንግሊዛዊት ክሉብ ክሪስታል ፓላስ፡ ንተኸላኻሊ ቸልሲ - ኣክስል ዲሳሲ፡ ነዚ ወቕቲ ብልቓሕ ክትግልገለሉ ኣፈሪማቶ፡፡

ትማሊ ሕክምናዊ መርመራ ዘካየደ ዲሳሲ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ካብ ወርሒ ለካቲት ጀሚሩ ብልቓሕ ምስ ዌስት ሃም ምጽዋቱ ይፍለጥ፡፡ ካብ ለካቲት 2025 ክሳብ ምዝዛም 2024-25 እውን ብተመሳሳሊ መስርሕ ንኣስቶን ቪላ ዝተሰለፈላ ዲሳሲ፡ ዛጊት ኣብዛ ኣብ ነሓሰ 2023 ዝተጸምበራ ክሉብ ብቀዋሚ ክጻወት ዕድል ኣይረኸበን፡፡

- **ፊፋ፡ ንፓረደዝ ቀጺዕዎ**

ላዕለዋይ ተጸዋዊ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ማለት ፊፋ፡ ንኣኽፋፋሊ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና - ለኣንድሮ ፓረደዝ፡ 10 ግጥማት ከይጻወት ቀጺዕዎ - ድሕሪ'ቲ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 ዘርኣዮ ባህሪ፡፡

ፓራደዝ ድሕሪ'ቲ ብስጳኛ 1ብ0 ዝተሳዕርሉ ጸወታ፡ ንገለ መጋጥምቱ ክዉርም ከም ዝተረኣየ ይፍለጥ፡፡ ወዲ ጋንታኡ ናሁል ሞሊና'ውን ሸውዓተ ግጥማት ተቐጺዑ ኣሎ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ኣርጀንቲና፡ ክልተ ኣብ ሃገራ እተካይዶም ግጥማት ኣብ ዕጹው ስታድዮም (ደገፍቲ ዘይብሉ) ክትጻወት እያ፣ ሓንቲ ግና ድሕሪ ተሰሪዙትላ ኣላ፡፡

---

## መኣረምታ


ትማሊ ኣብዚ ዓምዲ'ዚ፡ "ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ 2026 ፈለሙ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዝወጸ "ሻምፕዮን ዞባ ዓንሰባ ጋንታ ዓንሰባ" ዝብል ዘሎ፡ ብ"ሻምፕዮን ዞባ ዓንሰባ ጋንታ ኣልነስር" ዝብል ክትካእ ምስ ናይ ይቕሬታ ንሕተብር፡፡

---

## ፐድሮ፡ 'መርገም' ኣለዋ ንእትበሃል ማልያ ተቐቢሉዋ

ጃኦ ፐድሮ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ብኣስታት 60 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ብራይተን ናብ ቸልሲ ከምዝተጸምበረ ይፍለጥ፡፡

እዚ ብራዚላዊ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ዘርኣዮ ብቕዓት፡ ኣዝዩ ብሉጽ ነይሩ፣ ብዘይ ፍጹም ቅላዕ ድማ፡ ኣብ ኩሉ ውድድራት 20 ሽቶታት ኣመዝጊቡ ወዲኡ፡፡ እዚ ማለት፡ ድሕሪ ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ናይዛ ጋንታ ዲያጎ ኮስታ፡ ኣብ ዓመት ስፖርት 2016-17 ብዘይ ፍጹም ቅላዕ ኣብ ኩሉ ውድድር 22 ሽቶታት ዘመዝገበ፡ ፐድሮ፡ 20 ሽቶታት ዝበጽሐ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ነይሩ፡፡ ናይዛ ክሉብ ዝበለጸ ተጻዋታይ ናይቲ ወቕቲ ድማ ተባሂሉ፡፡




ነዚ ብዙሒ ቁጽሪ 20 ማልያ ለቢሱ ዝበጽሐ ፐድሮ፡ ኣብዚ እዋን ግና፡ ካብዛ ጋንታ ዝወጸ ሊያም ደላፕ ዝሉብሳ ዝነበረ ቁጽሪ 9 ማልያ ተቐቢሉ ኣሎ፡፡

ሓንቲ ካብተን ተበሃግቲ ቁጽርታት ኩዕሶ እግሪ ዝኾነት ቁጽሪ 9፡ ኣብ ዳርጋ ኩለን ክለባት ቀዳማይ ኣጥቃዓይ ዝሉብሳ እያ፡፡ ኣብ ቸልሲ'ውን ካብ ሓደ ተጻዋታይ ናብ ሓደ ተጻዋታይ እናተሰጋገረት ክሳብ ሕጂ ትልበስ ኣላ፡፡

ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑድ፡ ነዛ ቁጽሪ ካብ ዝለሱ ተጻወትቲ ቸልሲ፡ እቶም ዝበዝሑ ዘይዕዉት ግዜ ምሕላፎም ይፍለጥ፡፡ ፈርናንዶ ቶረስ፡ ሮመሉ ሉካኩ፡ ጎንዛሎ ሂጌን፡ ኣልቫሮ ሞራታ፡ ራዳመል ፋልካኦን ኢመሪክ ኦባሙያንግን ገለ ካብቶም ስሙያት ተጻወትቲ እዮም፡፡

ዝሓለፈ ዓመት ካብ ኢፕስዊች ታውን ናብዛ ጋንታ ዝተሰጋገረ ሊያም ደላፕ ድማ፡ ኣብ 28 ናይ ሊግ ግጥማት ሓንቲ ሽቶ ጥራይ ኣመዝጊቡ፡ ሕማቕ ግዜ ኣሕሊፉ፡፡ ድሮ'ኳ ማልያኡ ተሓዲጉ፡ ናብ ሓዳስ ጋንታ ክሰጋገር ምዃኑ ይግለጽ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ካብ 2021 ክሳብ 2022 ዓላሚ ናይዛ ጋንታ ዝነበረ - ቶማስ ቱቸል፡ "እዚ ማልያ ክሉብሳ ዝደሊ የለን" ኢሉ ምንባሩ'ውን ይዝከር፡፡

ኣብዚ እዋን ግና፡ ፐድሮ፡ ነዛ ብዙሓት ተጻወትቲ ምስ ልዑል ተስፋኦም ዝተቐበሉዋ'ሞ፡ እንተኾነ ዝወደቑላ ማልያ ተቐቢሉዋ ኣሎ፡፡ ንዝጸንሐ ሕማቕ ታሪኽ ክቕይሮ ዲዩ ወይስ ኣሰር ክስዕቦ፡ እዚ ፈሊሙ ዘሎ ወቕቲ ኩበርሆ እዩ፡፡

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሻምፕዮን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ (ኣብ ስታድዮም ኣስመራ)**

ኣልነስር - ሳሳ 11:30 ቅ.ቀ
ኣልታሕረር - ደንካልያ 1:30 ድ.ቀ
ቀይሕ ባሕሪ - ኣቑርደት 3:30 ድ.ቀ

ፕሪመር ሊግ (ቀዳማይ ሰሙን)

ሃል ሲቲ - ማን ዩናይትድ 2:30 ድ.ቀ
ኢፕስዊች - ሳንደርላንድ 5:00 ድ.ቀ
ኤቨርተን - ክሪስታል ፓላስ 5:00 ድ.ቀ
ኖቲንግሃም - ሊድስ 5:00 ድ.ቀ
ብሬንትፎርድ - ቶተንሃም 7:30 ድ.ቀ

**ላሊጋ (ቀዳማይ ሰሙን)**

ስጳኞል - ሪያል ማድሪድ 10:30 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ቻይናን ኢንዶነዥያን፡ ወተሃደራዊ ዝምድናአን ከደንፍዓ ተሰማሚዐን

ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ኢንዶነዥያን፡ ወተሃደራዊ ዝምድናአን ከደንፍዓ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዕደና፡ ጸዓትን ቴክኖሎጂን ሓብረን ክሰርሓ ከም ዝተሰማምዓ ተሓቢሩ።

እቲ ስምምዕ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዋንግ ዪን ሚኒስትር ምክልኻል ናይታ ሃገር ዶንግ ጁንን፡ ምስ ኢንዶነዥያውያን መዘናታቶም ንምርኻብ ናብ ጃካርታ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን እዩ ተበጺሑ።

ክልተአን ሃገራት፡ ኣብ ዓውድታት ሰቡ ሰርሖ ብልሒ፡ ምክልኻል፡ መጕዓዝያ ባቡር፡ ሓምላይ ጸዓት፡ ሳተላይትን ምግዳፍ ዓሳን ክተሓባበራ ምስምማዐን እውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ሚኒስተር ምክልኻል ኢንዶነዥያ ሰጃፍሪ ሰጃምሱዲን ብወገኑ፡ ኣብ መንጎ




ሰራዊት ክልተአን ሃገራት፡ ከም ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምዳትን ምልውዋጥ ናይ ሰራሕተኛታትን ዝኣመሰሉ ተወሰኽቲ ንጥፈታት ክህልዉ ምዃኖም ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ኣብቲ ዘተ፡ ሃገሩን ቻይናን ኣብ 2027 ንጥፈታቱ ክጅምር ተስፋ ተገይሩሉ ዘሎ ናይ ሓባር ፋብሪካ ተተኮስቲ ሚሳይላትን ሮኬታትን ኣብ ኢንዶነዥያ ንምቛም ተሰማሚዐን ከም ዘለዋ ኣረዲኡ።

ብመሰረት ጸብጻባት ኢንዶነዥያ፡ ቻይና ኣብታ ሃገር እታ ዝዓበየት ኣወፋሪት ክትከውን እንከላ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ጥራይ ደማ ናይ ኣስታት 3.9 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ወፍሪ ኣካይዳ ኣላ።

## ሃገራት ምዕራብ፡ ንህንጸት ዘይሕጋዊ ሰፈራታት እስራኤል ይቃወማ

ሃገራት ምዕራብ ነቲ እስራኤል ብሓይሊ ኣብ ዝሓዘቶ ምዕራባዊ ገማግም ክትሃንጾ ወሲና ዘላ ዘይሕጋዊ ሰፈራታት፡ ብትሪ ከም ዝቃወማኦ ኣፍሊጠን።

ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ኢጣልያ፡ ኔዘርላንድ፡ ካናዳን ኖርወይን ዝርከባ ሓሙሽተ ዘይኮና፡ ኣብ ዘውጽኦኦ ሓባራዊ መግለጺ፡ እስራኤል ነቲ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ክትሃንጾ ወሲና ዘላ ልዕሊ 1,200 መንበሪ ኣባይቲ፡ "ንግዝኣታዊ ሓድነት ፍልስጤም ዝጥሕስ ዘይቅቡል ተግባር፡" ክብላ ነቒፈኦ ኣለዋ።

እተን ሃገራት ኣብ መግለጺአን ወሲኸን፡ እስራኤል ነቲ ወጢናቶ ዘላ ናይ ህንጸት መደብ፡ ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም እተካይዶ ዘላ ምስፍሕፋሕ ሰፈራታት ብቐጻሊ ከተቋርጾ ድሕሪ ምጽዋዕ፡ እቶም ናይ ህንጸት መደባት ንሰላም ኣብ ከውንነት ዘርሕቑ ኣብ ርእሲ ምዃኖም፡ ንኣህጉራዊ ክብሪ እስራኤል እውን ዘውርዱ ምዃኖም ኣረዲአን።



ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ግዝኣት ብወገኑ፡ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ነቲ እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም እትፍጽሞ ዘላ ጥሕሰታት ዓገብ ክብልን ሕጋዊ ግብረ-መልሲ ክህበሉን ኣተሓሳሰበ።

እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም እትሃንጾም ዘላ ብርክት ዝበሉ ሰፈራታት፡ ብዓይኒ ኣህጉራዊ ሕጊ ዘይሕጋውያን ምዃኖም እዩ ዝንገር።

እስራኤል ኣብ ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ ወሸመጥ ቓዛ ደብዳብ ካብ እትጅምር ንደሓር፡ ንህንጸት ዘይሕጋዊ ሰፈራታት ብዘለዓለ መልክዑ ከም ዝቐጸለቶ እየም ምንጭታት ዝሕብሩ።

## ቻይና፡ ንእገዳ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን ትቃወሞ

ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ኣካል ናይቲ ብኣመሪካ ዝቐረበ ንቑጠባ ኢራን ንምድኻም ዝዓለመ መደብ ከም ዘይትኸውን ኣፍሊጣ።

ዝሓለፈ ሓሙስ፡ ጸሓፊ ክፍሊ ግምጃ ኣመሪካ ስኮት ቤሰንት፡ ሃገሩ ኣብ ታሪኽ ዓለም እቲ ዝዓበየ ሓባራዊ ቁጠባዊ ተጸዒሎ ኣብ ልዕሊ ኢራን ክትወሰን ኣብ እትቀራረበሉ ዘላ እዋን፡ መሻርኽቲ ኣመሪካን ካልኦት ሃገራትን ምስ ዋሺንግቶን ክሰለፉ፡ ምስ ኢራን ንግዲ ካብ ምኽያድ ክቑጠባን ጸዊዑ።

ስኮት ቤሰንት ወሲኹ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኢራን ክውሰን ምዃኑ ዝነገረሉ እገዳ ዝመጽእ ሰሉይ ብሰፊሑ ክግለጽ ምዃኑ ድሕሪ ምሕባር፡ ንቑጠባ ናይታ ሃገር ዘዕኑን ኑቲ ኣብ መሪሕነት ዘሎ ስርዓት ከኣ ዘውድቕን ምዃኑ ገሊጹ።



ይኹን እምበር፡ ቤይጂንግ ኣካል ናይቲ መደብ ንኽትከውን ብዋሽንግቶን ዝቐረበላ ጻውዒት ነጺጋቶ ኣላ።

ኣፈኛ ኤምባሲ ቻይና ኣብ ዋሺንግቶን፡ ጸቕጥን እገዳን ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ተፈጢሩ ዘሎ ግጭት ዝፈትሕ ከም ዘይኮነ ድሕሪ ምሕባር፡ ሃገሩ ነቲ ግጭት ብዲፕሎማሲያውን ፖለቲካውን መንገዲ ክፍታሕ ከም እትጽውዕ ኣፍሊጡ።

ዝሓለፈ ረቡዕ እውን፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ንኢራን ዝሕግዛ ሃገራት፡ 'ከቢድ' ዝበሎ ቁጠባዊ ስጉምቲ ክወስድ ምዃኑ ኣጠንቂቑ ምንባሩ ዝፍለጥ እዩ።

## ፓኪስታን፡ ንልኡላውነት ሶርያ ዘለዋ ደገፍ ደጊማ ተረጋግጽ

ፓኪስታን ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሶርያ ዘለዋ ደገፍ ደጊማ ከም ዘረጋገጸት ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ፡ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ክልተአን ሃገራት ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ከተማ ኢስላምኣባድ - ፓኪስታን ኣብ ዘካየድዎ ዝርርብ እዩ።

እስራኤል ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ኣብ መደበር ሓይሊ ኣየር ሶርያ ንዘካየደቶ መጥቃዕቲ ብትሪ ዝኹነነት ፓኪስታን፡ እቲ ስጉምቲ ንኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስ ምዃኑ ኣዘኻኺራ።

ነቲ መጥቃዕቲ፡ ኣመራጻን ቱርኪን ዝርከባኦን ካልኦት ሃገራት'ውን ከም ዝኾነናኦ ምንጭታት ይሕብሩ።

እዚ ክም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፓኪስታን ኢሳቅ ዳርን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሶርያ ኣስዓድ ኣልሸይባኒን ኣብ ርክቦም፡ ሃገራቶም ኣብ ምውሓስ ዞባዊ ጸጥታ ክተሓጋገዛ ምዃነን ሓቢሮም።

ብተወሳኺ፡ ሚኒስተር ኣስዓድ ኣልሸይባኒ፡ ሃገሩ ነቲ ፓኪስታን፡ ቱርኪን ስዑዲዓረብን ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ዝኸተማኦ ስሉሳዊ ወተሃደራዊ ውዕል ከም እትድግፎ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ዞባዊ ኣገዳስነቱ ልዑል ምዃኑ ኣረዲኡ።

ሚኒስተር ኣልሸይባኒ፡ ኣብ ውሽጢ 19 ዓመታት ኣብ ፓኪስታን ምብጻሕ ዝፈጸመ ናይ ፈለማ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሶርያ ምዃኑ ጸብጻባት ይሕብሩ።



## ኮንጎ - ቁጽሪ ግዳያት ኢቦላ ልዕሊ 5 ሽሕ በጺሑ

ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ቁጽሪ ብኢቦላ ዝተለኽፉ ሰባት 5,200 ከም ዝበጽሐ ተሓቢሩ።

ይኹን'ምበር፡ ማእከል ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት ኣፍሪቃ፡ እቲ ዝተጠቕሰ መጠን መልከፍቲ ኢቦላ፡ ካብቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ን30% - 40% ጥራይ ዝሸፍን ምዃኑ ገሊጹ'ሎ።

እቲ ትካል ወሲኹ፡ ቁጽሪ ብኢቦላ ተለኺፎም ዝሞቱ ሰባት'ውን፡ ካብቲ ዝተጠቕሰ መጠን ብሰለስተ ዕጽፊ ዝዛየደ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣሚቱ።

ብመሰረት ሚኒስትሪ ጥዕና ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ዝዎ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሽዱሽተ ክፍሊ ሃገራት 5,208 ሰባት ብቲ ለበዳ ክጥቅዑ እንከለዉ፡ ካብኣቶም ከኣ 2,476 ሰባት ደሮ ሞይቶም ኣለዉ።

ዋና ጸሓፊ ማእከል ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት ኣፍሪቃ ጂን ካሴያ፡ እቲ ኣብታ ሃገር ኢጋጢሙ ዘሎ ለበዳ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክኣቱ ከም ዘይከኣለ ድሕሪ ምንጻር፡ ኣብ ምቁጽጻር ናይቲ ሕማም ብቐልጡፍ ዓቢይቲ ለውጥታት ክተኣታተዉ እንተ ዘይክኢሎም፡ እቲ ለበዳ ካብቲ ካብ 2014 ክሳዕ 2016 ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝተራእየ




ተመሳሳሊ ለበዳ ክገድድ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ።

ኣብቲ ሽዑ እዋን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ 28,600 ሰባት ብለበዳ ኢቦላ ክጥቅዑ እንከለዉ፡ ካብኣቶም እቶም 11,325 ከም ዝሞቱ ጸብጻባት የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርምሲ. ተሰፋ | 22/08/2026 | ጎደና ዓሊ.ቴና መረብ 716 ቁ.14፡ ቀሓውታ | 186839 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services